

# ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

## ኣንፈታት ፖሊሲ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

## (ማኒፌስቶ መረፃ)




ነሓሰ, 2012

መቐለ

# ትሕዝቶ


1. ክፍሊ ሓደ ራእይ ልእኹቶን ዕላማን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ..... 3

1.1. ራእይ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ..... 3

2. ዳህሳስ ህልዊ ኩነታት ትግራይን ከባቢኣን ..... 3

2.1. ማሕበረ ቁጠባዊ ኩነታት ..... 3

2.2. ፖለቲካዊን ጸጥታውን ኩነታት ..... 4

2.3. ህልዊ ውሽጣዊ ምሕደራዊ ኩነታት ትግራይ ..... 6

2.4. ክፍለ ኣህጉራዊን ጂኦ -ፖለቲካውን ምዕባለታት ..... 7

3. ብሶሻል ዲሞክራሲ ድንፍዕቲ ዝወፅአሎም ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ዓንድታት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ..... 8

3.1. ፖለቲካዊ ዕላማ ሳልሳይ ወያነ ትግራይን ሶሻል ዲሞክራስን ..... 8

*3.1.1. ህንፀት ብርቱዕ መንግስትን መንግስታውን ህዝባዊ ትካላትን ..... 8*

3.1.2. *ናይ ምውዳብ፣ ምዝራብ፣ ምፅሓፍን መሰል ዜጋታት (ውልቀ ሰባት)* ..... 9

3.1.3. *ፆታዊ ማዕርነት* ..... 9

3.2. ኢኮኖሚያዊ ዕላማታት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ..... 9

3.2.1. ኢኮኖሚያዊ ተሳትፎ መንግስቲ ..... 9

3.2.2. ስርዓት ናፃ ዕዳጋ ..... 10

3.2.3. ምትብባዕ ውልቀ ሰብ ሃፍቲ ..... 10

3.3. ማሕበራዊ ፖሊሲ ሳልሳይ ወያነ ትግራይን ሶሻል ዳሞክራስን ..... 10

3.3.1. ጥዕንኡ ዝተሓለየ መፍረያይ ሕብረተሰብ ምፍጣር ..... 10

*3.3.2. ማሕበራዊ ቕሳነት/ሀድኣት (Social Stability) ዝዓሰሎ ሕብረተሰብ ምፍጣር ..... 10*

*3.3.3. ብሄራዊ ስምረት (Social Solidarity) ምድንፋዕ ..... 11*

4. ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኣብ ትግራይ ዘተግብሮም ዝርዝር ናይ ፖሊሲ ኣንፈታት ..... 11

4.1. ዝርዝር ፖለቲካዊ ተግባራት ..... 11

4.1.1. ምርግጋጽ መሰላትን ምንጋስ ፍትሕን ዲሞክራሲን ..... 11

*ሀ. ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብርቱዕን ዲሞክራስያዊን ብሄራዊ መንግስቲ ብምህናጽ መንግስታዊ ዘላቕነት ክህሉ ክሰርሕ ዩ ..... 11*

ለ. ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሕገ መንግስቲ ፌደራል ንመሰል ዓርሰ ውሳነ ብዘረጋግጽ መልክዑ ክመሓየሽ ክሰርሕ ዩ፣ ..... 12

*ሐ.* ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ቋንቋ፣ ባህሊ፣ ክብርታትን መንነትን ወለድና ክኽበርን ኣብ ፌድራል መንግስቲ ክውክሉን ጠመተ ሂቡ ክቃለስ እዩ፣ ..... 13

*መ. ድምክራስያዊ መሰላት ዝምልከት ..... 13*

*ረ.* መሰል ሓሳብ ምግላፅን መራኸብቲ ሓፋሽን ..... 13

ሰ. ርክብ ትግራይን ፌደራል መንግስትን ..... 14

ሸ. ውሽጣዊ ምሕደራዊ ናፅነት ትግራይ ሕገ መንግስታዊ ምምሕያሻትን ..... 14
ቀ. ፀጥታን ደሕንነትን ትግራይ ምሕላው ዝምልከት ..... 17
ቐ. ጉዳይ ኤርትራ ..... 18
4.2. ዝርዝር ኢኮኖሚያዊ ናይ ፖሊሲ ትግባራት ..... 18
4.2.1. ስትራቴጂ ኢኮኖሚያዊ ዕቤት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ..... 18
4.2.2. ልምዓት ገጸር ..... 19
4.2.3. ኢንዱስትራላዊ ዕቤትን ልምዓትን ..... 20
4.2.4. ልምዓት ከተማ ..... 21
4.2.5. ዘፈር ንግድን ፋይናንስን ..... 21
4.2.6. ግብሪ ..... 22
4.2.7. ዋንነት መሬትን ካልኦት ሃፍቲ ተፈጥሮን ..... 22
4.3. ዝርዝር ናይ ግልጋሎት ክፍለ- ኢኮኖሚ (Service Sector) ናይ ፖሊሲ ተግባራት ..... 23
4.3.1. ዘፈር ቱሪዝም ..... 23
4.3.2. ቅድመ ምክልኻል መሰረት ዝገበረ ፖሊሲ ስርዓት ጥዕና ..... 23
4.3.2. ጽሬት ትምህርቲ ምርግጋጽን ምህናጽ ብቑዕ መፍረያይ ሓይሊ ሰብን ..... 24
4.3.3. ምፍታሕ ስራሕ ኣልቦነትን ማሕበረ ቁጠባዊ ተጠቃማይነትን መናእሰይ ምርግጋጽ ..... 25
4.3.4. ምርግጋጽ ማዕርነትን ተጠቃማይነትን ማሕበረ ቁጠባዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ..... 25

## 1. ክፍሊ ሓደ ራእይ ልእኹቶን ዕላማን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

### 1.1. ራእይ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

ትንሳኤ ጥንታዊ ታሪኽን ስልጣነን ዘግሃደት፣ ክብራን መንነታን ዝሓለወት፣ ኣብ ኩሎም መድረኻት ፅዕንቶ ፈጣሪት ዝኾነት ምዕብልቲ ትግራይ ምርኣይ፣

## 2. ዳህሳስ ህልዊ ኩነታት ትግራይን ከባቢኣን

### 2.1. ማሕበረ ቁጠባዊ ኩነታት

ቁጠባዊ ምዕባለ ንብሄራዊ ህላወን ዘላቒ ዕቃብ ረብሓታትን ሓደ ብሄር ካብቶም ወሰንቲ ዝኾኑ ረቛሒታት ሓደ ምኻኑ ርዱእ እዩ። ቁጠባ ትግራይ ብኣንጻር ባህግን ድሌትን ህዝብና ኣብ ዝሓለፈ 29 ዓመታት ጉዕዞ ታሪኽና ዝነበሩ ዕድላት ተጠቒምካ ኣዕጋቢ ገስጋስ ኣብ ምርግጋጽን ዝተመዝገቡ ውሱናት ምዕባለታት ምህላዎም ኣብ ግምት ኣእቲኻ ምስ ህዝቢ ትግራይ ዘለዎ ጠለባትን ህልዊ ማሕበረ ቁጠባዊን ፖለቲካውን ባይታዊ ሓቅታት ግን ኣብ ኣዝዩ መተሓሳሰቢ ብርኪ ምህላዉ ዘተሓትት ኣይኮነን። መጠን ብርኪ ድኽነት ትግራይ ኣብ ኢትዮጵያ ካብቶም ዝኸፍኡ ሓደ ምኻኑ ጽብጻባት ይሕብሩ። ዩኒሴፍ ኣብ 2019 ኣቀጻጽራ ፈረንጂ ንሚኒስትሪ ፋይናንስ ኢትዮጵያ ጠቒሱ ኣብ ዘውጽኦ ሪፖርት 27% ህዝቢ ትግራይ ትሕቲ ገንዘባዊ መስመር ድኽነት እንትነብር ኣብቲ ጽንዓት ዝተገበረሉ ግዘ ሃገራዊ መጠን ድኽነት 23.2% ምንባሩ እቲ ጽብጻብ የመልክት። ገዚፍ ክፋል እቲ ትግራይ ኣብ ሕጽረት ዝናብ ዘኸትሎ ናይ ድርቂን ተቓላዕነት ውሕስና ምግብን ኩነታት ዝርከብ ብምኻኑ ኣብ ሓገዛት ሴፍቲኔትን ኣብ ዓሰርተ ዓመት ሓደ ግዘ ንዝኸሰት ደርቂ ኣብ ናይ ቑጥታዊ ሓገዛት ተደሪኹ ከሕልፎ ምግዳዱ ናይ ቀረባ እዋናት ወድዓዊ መሪር ሓቂ እዩ። እቲ ንዘመናት ብብዕራይ ናይ ምሕራስ ዕድመ ጸገብ ተሞክሮ ናይ ዘመናዊ ኣተሓራርሳ ኣገባብ ካብ ዘይምስጃሩ ብተወሳኺ ኣብ ሞንጎ ሕርሻን ኢንዱስትርን ትርጉም ዘለዎ ምትእስሳር ዘምህላዉ ኣብ ትግራይ ዘሎ ምንኣስ ሕርሻዊ ኢንዱስትሪ ትካላት ሓደ መግለጺ እዩ።

ዘፈር ኢንዱስትሪ ብዝምልከት ውን ትግራይ ምስ ተርእዮታት ኲናት ኢትዮ ኤርትራ ተተሓሒዙ ትግራይ ናይ ኢንቨስትመንት ዕድላት ምውሓድን ናይ ውልቀ ዓውዲ ኢኮኖሚ ብምግዳብ ክድንፍዕ ዝኽእል ዝነበረ ኢንዱስትርያላዊ ወፍሪ ኣብ ትግራይ ብተነጻጻሪ ዝወሓደ ክኸውንን ኣብዚ ክፍጠር ዝነበረ ዕድላት ስራሕን ምምግጋብ ቁጠባዊ ዘፈራትን ትሑት ክኸውንን ስራሕ ኣልቦነት መንእሰይ ትግራይ ናብ ስደት ባሕሪ ሰገር፣ ናብ መፍረያይ ዘይኮኑ ልምድትታትን ኣብ ሕብረተሰብና ኣብ ታሪኹ ርእዩዎ ዘይፈልጥ ምብርኻት ገበናትን ክሳጣሕ ተገዲዱ እዩ። ምስዚይ ተተሓሒዙ ኣብ ገጸራት ትግራይ ሕርሻዊ መነባብሮ ትርጉም ብዘለዎ ብርኪ ለውጢ መነባሮን ብዘይምምጽኡ ካብ ገጸር ናብ ከተማ ዘሎ ስደት ኲውስኽን ኣብ ታሕተዋይ ብርኪ ዘለዉ ንጥፈታት ኣታዊ ዝምስረተ ክፋል ሕብረተሰብ ንሕማምን ናይ መነባብሮ ዋጋ ወሰኽ ብዝተሓሳስብ መጠን ክቃላዕን ተገዲዱ ይርከብ።

ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ዝምልከት ኣብ ዓበይቲ ከተማታት ትግራይ ከም መቐለ፣ ኣኽሱምን ካልኦትን ዘሎ ብኽፋል ይኹን ብዓብይ ተርእዮ ብርኪ ዘለዉ ሓቅታት ክንደየናይ ምስ ዘሎ ወሰኽ ነባራይ ከተማታትን ዘይተመጠጣጠነ ምኻኑ ግሁድ ሓቂ እዩ። ጽሬት ትምህርቲ እንተኾነ ውን ትግራይ ካብ ግዘ ናብ ግዘ ተንቆልቁለሎም ዘላ ውጽኢታት ሻምናይ ክፍልን ዓስራይ ክፍልን ከም ኣብነት ምጥቃስ ይከኣል። ዘፈር ጥዕና ውን በቢ ሆስፒታሉ ዝረኣዩ ዘለዉ ናይ መደቀሲ ዓራውቲ ምንኣስ፣ ናይ ረፈራል ሆስፒታላት ምውሓድን ኣብ ሕብረተሰብና ዝጋፍሑ ዘለዉ ሕማማት ኤች ኣይ ቪን ካልኦት ሕማማትን ኣብ ቀረብ ጥዕናን ጽፈቱን ኣመልኪቱ ዓበይቲ ህጻፋት ግንዘበ ሕብረተሰብ ኣብ ምዕባይን ብሰፊሑ ምህላዉ ምስክራት እዮም። ቀረብ

ኤለክትሪክ ዝምልከት ኣብቲ ምእኩክ ምሕደራን ህንጸትን ትሕተ ቕርጺ ኤለክትሪክ ኣብ ትግራይ ክህነጹ መደብ ዝተትሓዘሉ ተከዘ ቁጽሪ ክልተ ካብ ዘይምህናጹ ብተወሳኺ ኣብ ከተማታት ዝርአ ዘሎ ምቁርራጻት ኤለክትሪክ ኢንዱስትሪ ዘድሊ ቀረብ ጸዓት ተሪፉ ንመነባብሮ ሕብረተሰብ ዘድሊ ቀረብ ውን ዘዕግብ ዘይምኻኑ የረድእ። ኣብ ቀረብ ሓይሊ ኤሌክትሪክ ተተሓሒዙ ምስ ዘሎ ምቁርራጻት ድማ ናይ መናእሰይ ዘሎ ጅማሮትታት ናይ ስራሕ ዓርሰ ተነግሶ ወፍሪታትን ናይ ደቀቕትን ኣናእሽቲ ስራሕትን ኣብ ምድኻም ይርከብ።

ማሕበራዊ ህልዊ ኩነታት እንትርአ መጠን ስራሕ ስእነት ደቂ ኣንስትዮ ትግራይ 65% እንትኸውን ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ 35% እዩ። ቁጠባዊ ተጠቃምነት ደቂ ኣንስትዮ በዚ ብርኪ ትሑት ምኻኑ ኣዝዩ ዘሻቕል ኮይኑ ይርከብ። ብተመሳሳሊ መጠን ኣብ ትሕቲ ድኽነት ዝነብር ክፋል ህዝቢ ትግራይ 29.63% እንትኸውን ኣብ ኢትዮጵያ ምስ ዘሎ መጠን 23% እንትነጻጸር ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። ኣብ ከተማታት ትግራይ ዘሎ መጠን ድኽነት ትግራይ ብማእኸላይ እንትኸውን 21.5% ኣብ ገጠር ድማ 37% እዩ። እቲ ኣዝዩ ዘሰክፍ ግን መጠን ድኽነት ደቂ ኣንስትዮ 43% እንትኸውን ካብ ክልላዊ መጠንን ናይ ደቂ ተባዕትዮ 37% ብንጽጽር እንትርአውን ኣዝዩ ዝለዓለ እዩ። ናይ ድኽነት ካልእ መግለጺ ዝኾነ መጠን ድኽዳሽ ህጻናት እዩ። ብክክልል ብርኪ ዘሎ ተርእዮ መጠን እንትኸውን ዝኸፍአ መጠን ካብ ዝተመዝገበለን ከተማታት ኮረም 58%፣ ኣላማጣ 35.8%፣ ማይጨው 38.4%፣ ሽረ እንዳስላሴ 36.6%፣ ዓብይ ዓዲ 32.5%፣ ዓድዋ 32.2%፣ ውቕሮ 33.6% ይርከበን። ብተመሳሳሊ ኣብ ከተ መቐለ ዝኸፍ አ መጠን ድኽዳሽ ካብ ዘመዝገባ ከተማታት ውሽጢ ዓይደር 34.5%, ክፍለ ከተማ፣ ሓድነት 36.1%፣ ሓወልቲ 35.5% ወዘተ ይርከበን።ብምኻኑ ድማ ድኽነት፣ ስራሕ ስእነትን ናይ ህጻናት ኣካላዊ ጥዕናን ብምር ኣይ ጥራሕ ህዝብና ኣብ ናብር ኡ ዘሎ ሃጓፍ ገና ፍታሕ ዝጽበ ምኻኑ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብምርዳእ ዘላቒ መፍት ሒ ኣብ ፕሮግራሙ ኣቐሚጡሎ።

## 2.2. ፖለቲካዊን ጸጥታውን ኩነታት

ህዝቢ ትግራይ ኣብ ዝሓለፉ ሚእትን ሓምሳን ዓመታት ዘካየዶም ናይ መኸተ ኲናታት ጉራዕ፣ ጉንደት፣ ዶግዓሊ፣ መተማ፣ ዓድዋ፣ ናይ ቐዳማይ ወያነን ናይ ዳግማይ ወያነ ኲናታት ብማእኸካይ ኣብ ሕድሕድ ሰላሳ ዓመታት ሓደ ዓበይ ኲናት እናካየደ ምምጽኡ ታሪኽና ይነግረና። ፖለቲካዊ ዓቕሙ ንምድኻም ድማ ቁጠባዊ ማሕነቖታት፣ ናይ ትምህርቲ ተበጻሕነቱ፣ ግዝኣቱ ቆሪስካ ብምውሳድን ቋንቁኡ ከይዓቢ ብምግዳብን ብስሩዕን ተዘዋዋሪ ኣገባብን ብዘዋደደ መልክዑ ተዘሚትሉ እዩ። ህዝቢ ትግራይ ነዞም ወራራት ዝምክቶም ዝነበረ ብሄራዊ መንግስቲ ናይ ብቕጻልነት ናይ ምትካል ባህጉን መሰል መሰል ዓርሰ ውሳንኡን ንምሕላው ጥራይ ዘይኮነስ ገሊኦም ጸላእቱ ምስ ተፈጥራዊ ሓደጋታት ብምሽራኽ ከም ህዝቢ ከብርስዎ ስለዝመጹዎ እዩ።

ህዝቢ ትግራይ ነዞም ባዕላውን ግዳማውን ሰብ ስራሕን ተፈጥራውን ፈተናታት ድምር እቶም ዝተኸፈሉ መስዋእትታትን ተኸታታላይን ተመጋጋባይ መንቀሊታቶም ብዘላቕነት ንምፍታሕ ካብ ብሄራዊ ረብሓታት ዝተልዓለ ንጹር ብሄራዊ ራእይን ብርቱዕ መንግስታዊ ዘላቕነትን ምውሓስ ወሰንቲ ምኻኖም ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብጽኑዕ ይኣምን።እቲ ብሄራዊ ፖለቲካዊ ኣገባብን ካብኡ ዝቕድሑ ማሕበረ ቁጠባዊ ፖሊሲታትን ኣቢሉ ድማ ህላወ ህዝቢ ትግራይ ብቕጻልነት ንምውሓስን መንግስታዊ ዘላቕነት ንምርግጋጽን ዝሕግዝ ብርቱዕ ብሄራዊ መንግስትን ብሄራዊ ውዳብኡን መንነቱን ኣጽኒዑ ዝጎዓዝ ማሕበረሰብ ናይ ምህናጽ፣ ብርቱዕ ቁጠባ ኣብ ትግራይ ናይ ምህናጽን ኣብ መሰል ዓርሰ ውሳንኡን ረብሓታቱን ብጽኑዕ

ዝሙርኮስ ህንጸት ምውሓስ ኩለመዳያዊ ረብሓታቱን ከካይድ ብሄራዊ ዕዮ ትግራይ ምኻኑ ርዱእ እዩ። ነዚ ውን ዩ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዱ ልዕሊ ስልሳ ሽሕ ደቁ ገቢሩን በኣማኢት ኣሽሓት ናይ ኣካል መጉደልትን ኸፊሉ ብሄራዊ መንግስት ናይ ምህናጽን መሰል ዓርሰ ውሳንኡን ዘውሕስ ስርዓትን ኣብ ትግራይን ኣብቲ ፌደረሽንን ክምስረት ዘኽኣለ። ይኹን ምበር ነዚ ብሄራዊ ገስጋሱ ዝኾልፍ ህወሓትብልፍንቲ ዝመስረቶ ውድብ ኢህወደግ ዝተኸሎ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ወያናይ ዲሞክራሲን ነዚ ተኸቲሉ ኣብ ግብሪ ዝወዓለ ብቕርጺ ፈደራላዊ ብግብሪ ግን ኣሃዳዊን ኣብ ማእኸል ኢትዮጵያ መሰረቱ ዝገበረ ብፖለቲካዊ መሓውር ዝተማእኸለ ምሕደራ ነቲ ብኸቢድ ዋጋ ዝተረኸበ መሰል ዓርሰ ውሳነ ተመሊሱ ናብ ሓደጋ ከእቱን ትግራይ ኣብቲ ፖለቲካዊን፣ ሕገመንግስታዊን ማሕበረ ቑጠባዊን ስልጣን ገቢቱ ዝተውሃቦ ናይ ኣራት ኪሎ መንግስቲ ጽግዕተኛ ዝገብር ናይ ልዕሊ ርብዒ ክፍለ ዘመን ምሕደራ ኣስፊኑ። ኣብ ትግራይ ዝተጀመሩ ዓበይቲ ልምዓታት ከም ሳርት ጎልጎል ራያ ክተዓናቐፉ፣ ናይ ምርምርን ልህቀትን ማእኸላት ዝነበሩ ትካላት ከም ቐላሚኖን ኢንስቲቱዩት ቴክኖሎጂ መቐለን ብሄራዊ ልምዓታዊ ልእኹቶኦም ክዳኸሙ፣ ኣብ ትግራይ ዘሎ ቑጠባ ጸግዒ ናይ ኣዲስ ኣበባን ከባቢኡን ክኸውን፣ ተጋሩ ሰብ ሃብቲ ብብዝሒ ናብ ማእኸል ሃገር ኵውሕዙ፣ ዝተምሃረ ሓይሊ ሰብ ብዓይኒ ደርቢ ብተወላዋላይነት ተበይኑ ክግለል ብምግባር ብፖለቲካዊ መሓውር ዝምራሕ ምሕደራ ክሰፍን፣ መንግስታዊ ትካላት ብቕርጺ ተዘይኮይኑ ብትሕዝቶ ብፖለቲካዊ መሓውር ክዝወራን ብምግባር ውድብ ልዕሊ መንግስትነት ገኒኑ ክ ወጽእን ትካላዊ ኣተሓሳስባት ከይጥጥዕን ን ዓመታት ተሰሪሕሉ። ገዛኢ ውድብ ህወሓት ኣብ ብሄራዊ ናይ ደርብታት ስምረትን ኩለመዳያዊ ምርግጋጽ ተሳትፎ ኣካላት ሕብረተሰብን ዘረጋግጽ ብሄራዊ ዕማም ኣወንዚፉ ንህንጸት ብሄራዊ ብርቱዕ መንግስትን ብሄራዊ ረብሓታትን ገዲፉን ኣብ ደርባዊ ቃልሲ መዳነያይ ፖለቲካ ዝተመስረተ ህንጸት ብርቱዕ ማእኸላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ክተክል ተጻሚዱ።

ብምኻኑ ድማ ህዝቢ ትግራይ ንህንጸት ብሄራዊ መንግስትነት ትግራይን ምውሓስ ብሄራዊ ረብሓታቱን እታወታት ክኾኑ ዝነበሮም ብመሪር ቃልሱ ዘኻዕበቶም ፖለቲካዊ መራሕቲ፣ ዓበይቲ ሰብ ሃብቲ፣ ምሁራትን ካልኦት ክፋላት ሕብረተሰብ ትግራይን ብበዝሒ ካብ ትግራይ ወጻኢ ክነጥፉ ብምግባር ትግራይ ካብ ሰብኣዊ ጸጋታታ ከይትጥቀም ዝገብር ኣከያይዳ ተመሪጹ። ብኣንጻሩ ኣብ ትግራይ ስእነት ሰናይ ምምሕዳር፣ ስደት፣ ፍትሒ ኣልቦነት፣ ግዕዝይና፣ ናይ ምውዳብን ማሕበረሰባዊ ተበጻሕነት ንዝተፈላለዩ ሓሳባትን ውዳበታትን ክዳኸም ብምግባር ኣብ ሞንጎ ወሎዶታት ክህሉ ዝግብኦ ተመጋጋቢ ናይ ፖለቲካዊን ምሕደራዊ ዓቕምታት ናይ ምዕባይ ስራሕቲ ክተዓናቐፍ ተገይሩ።

ብምኻኑ ድማ ጸላእቲ ህዝቢ ትግራይ ንምፍራስ ኢህወደግ ስዒቡ ድማ ኣብ ማእኸል ኢትዮጵያ ሰሪሑ ክነብር ካብ መረበቱ ትግራይ ወጻኢ ዝሰፈረ ትግራዋይ ከበሳብሱን ከፈናቕሉን፣ ኣሃዳውያን ቁጠባዊ ማሕነቖታትን ዳግም ኣብ ልዕሊ ህዝብና ከንብሩ ዕድል ክረኽቡ፣ መሰል ዓርሰ ውሳንኡን ግዝኣታዊ ሓድነቱን ብቕሉዕ ክፈታተኑን ዕድል ረኺቡም። መንግስታዊ ዘላቕነትን ብሄራዊ ረብሓታትን ህዝቢ ትግራይ ዳግም ናብ ፈተና ኣትዮም።

እዚ ኹሉ በቲ ብሄራዊ ራእይ ብግብሪ ዘይተሓንገጠ ኣምር ወያናይ ዲሞክራሲን ኣብ ግብሪ ኣሃዳዊነቱ እናዓብለሎ ዝመጸ ፖለቲካዊ ምሕደራን ንፌደራል መንግስቲ ብዘይልክዕ ዝተውሃቡ ስልጣናትን ካብቶም ቐንዲ ሰንከታት ነቲ ሕዚ ህዝቢ ትግራይ ኣትዩዎ ዘሎ ፈተናታት እዮም። ብምኻኑ ድማ ህዝቢ ትግራይ ነዚ ጉጉይ መንገዲ ደጊሙ ክምርምሮን ናብቲ ንዘመናት ዋጋ ዝኸፈለሉ ህንጸት ብርቱዕ ብሄራዊ መንግስት ክምለስ ወድዓዊ ፖለቲካዊ ሕቶ ኮይኑ ኣብ ባይታ ይርከብ። ብምኻኑ ድማ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ነዚ እዋናዊ ወሳናይ ኩነት ኣብ ግምት ኣእትዩን ናብቲ ህዝቢ ትግራይ ዝተቓለሰሉ

ዕላማታት ምውሓስ መሰል ዓርሰ ውሳነን ብሄራዊ ረብሓታት ትግራይን ናይ ምርግጋጽ ወለዶዊ ዕማምን ጠመተ ሂቡ፣ ብሄራዊ ዕላማታቱ ብፐሮግራም ቀሪጹ ናብ መድረኽ ብሄራዊ ቃልሲ ተጸምቢሩ ዘሎ።

## 2.3. ህልዊ ውሽጣዊ ምሕደራዊ ኩነታት ትግራይ

ህዝቢ ትግራይ ድሒሮም ዝተተኸሉ መስፍናዊ ምሕደራታት ሸዋ ንድሕሪት ክሳብ ዝመልስዎ ኣብ ግዘ ኣኽሱም ስልጣነ ዓብይ ናይ ስርዓተ መንግስቲ ፖለቲካዊ ዓቕምታት ዝወነነ ምንባሩ ኩሉ ትግራዋይ ዝሕበነሉን ንወለዶታት ታሪኻዊ ሓቦን ኩርዓትን ሰኒቑ መጻኢ ግዚኡ ብሩህ ክኸውን ብሄራዊ ሕልምታቱ ዝንጸፈሉን ታሪኻዊ መሰረት እዩ። ብፍትሒን ርትዒን ሃይማኖታት ክርስትናን እስልምናን ሒዞም ንዝመጹ ኣጋይሽ ብስልጡን ኣገባብ ተቐቢሉ ባህሉን መንነቱን ዓቂቡ ነቶም ሃይማኖታት ምቕባሉ፣ ማሕበራዊ ፍትሒ ዘስፍኑ ከባቢያዊ ሕግታት ከም ሕግታት እንዳባ፣ ሕጊ መሬት ዓደቦ፣ ደመር፣ ስርዓት ቓንጪ፣ ስርዓት ኦና፣ ዕርቂ እንደርታ ወዘተ ነቲ ናይ ነዊሕ ግዘ ብስርዓት ናይ ምምሕዳርን ማሕበራዊ ፍትሒን ማዕርነትን ናይ ምስፋን ባህሉ ዘለዎ ዓሚቕ ታሪኻዊ መሰረት የገንዝብ።

ኣብ ትግራይ ኣብዚ ሕዚ እዋን ፍትሒ ካብቲ ሕብረተሰብና ጥንታዊ ዝተሃነጸሉ ማዕርነትን ሕብረተሰባዊ ቦትኡን ወጽዩ ኣብ ፖለቲካዊ ውግንና፣ ኣብ ዝምድናዊ ርክባት ናይ ጥቕሚ ሕለፍ ክሓልፍ መትከላትን ተወንዚፉ ይርከብ። ህዝቢ በደላቱን ሓሳባቱን ክይ ገልጽ ናይ መንግስታዊ ዕላዊ መሓውራት ለሚሶምን ብቕሉዕ ይኹን ብተዘዋዋሪ ኣብ ፖለቲካዊ ውዳበታት መሓውራትን ተደኩኖም ይርከቡ። ፍትሓዊ ተጠቃምነት ቑጠባ ከከም ጸዕሪን ልፍዓትን ሕድሕድ ሰብ ምኻኑ ተሪፉ ኣብ ፖለቲካዊ ተማእዛዝነት፣ ኣብ ንገዛኢ ውድብ ዘለካ ፖለቲካዊ መርገጽን ተዓጻጻፋይነትን ኣብ ጥቕምኺ ክጠቕመካ ዝመሰረቱ ናይ ግዕዝይና ሰንሰለታዊ ምትእስሳር ዝሙርኮስ ኮይኑ። ዝመስለካ ምዝራብን ዝነበረ ባህሊ ወለድና ሓሳብካ ጽዕንቶታት ብምፍራሕ ንውሽጢ ምሓዝ፣ ናይ ሓሶት ጸብጻባት ኣብ ምምሃዝ፣ መንግስታዊ ግልጋሎታት ህዝቢ ናይ ምግልጋል ባህሊን ስርዓት ጥቡቕ ክትትልን ክይህልዎም ብፖለቲካዊ ምጥልላፋት ተጾኪኖም ተሓታትነት ጠፊኡ ይርከብ። ውድብን መንግስትን ተሓዋዊሶም መንግስቲ ናይ ኩሉ ውድብ ናይ ኣባላቱ ምኻንኑ ተሪፉ ውድብ ልዕሊ መንግስቲ ኮይኑ። ዝተፈለየ ሓሳብ ዘቕርብ ጸላኢን ካልኣይ ዜጋን ኮይኑ። ናይ ሓሳብ ኣፈላላያት ከስፍሑ ዝኽእሉ ናይ መራኸብቲ ብዙሃን ከይጥጥዑ ብዝተፈላለየ መልክዑ በሪታት ክዕጸዎም ተገይሩ ይርከብ።

ኣብቲ ሕዚ እዋን ዘሎ ገዛኢ ውድብ ባህልን ታሪኽን ህዝቢ ትግራይ ብግቡእ ዘቐጽል ፖሊሲታት ስለዘይብሉ ህዝቢ ትግራይ ንዘመናት ምስ ናይ ሸዋዊ መስፍናዊ ብረዛታታት ተሓዊስዎ ዓቂብዎ ዝነበረ ናይ ፍትሒ፣ ማሕበራዊ ውሕስናን ምትሕስሳብ፣ ብስርዓትን ሕግን ናይ ምድናይ ባህልታቱ ካብ ደገ ብዝተቐድሑ ጥርኑፍ ፖለቲካዊ ምሕደራታት ካብ ላዕሊ ንታሕቲ ማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊን ቑጠባዊን ባእታታት ክቆጻጸር ብዝደሊ ወያናይ ዲሞክራስን ኣሳራይ ፖለቲካዊ ገመዳቱን ተቖሪኖም ይርከብ። ፖለቲካን ማሕበራዊ ባእታታትን ተመሳቒሎም ፖለቲካዊ ናይ ሓሳብ ኣፈላላይ ብደረጃ ማሕበራዊ ምቁርራጻትን ውልቃዊ ምጽምማዳትን ክወርዱ ጀሚሮም። ማሕበራዊን ባህላዊን ብሄራዊ ጸጋታት ተረሲዖም ኩሉ ነገር ብቁስ ኣካላዊ ፖለቲካዊ ፍልስፍና ተተኪኡ። ታሪኽ ቋንቋን ምምዕባል ብይሕደር ዝተትሓዘ ክመስል ቋንቋ ትግርኛ ብዘይካ ንፖለቲካዊ ምሕደራ መገልገላይ መድረኻት ብስነጽሑፍ ደረጃ ትርጉም ዘለዎ ስድሪ ከይስድር ጸግዑ ሒዙ፣ ታሪኽ ትግራይ ብዕምቆትን ብሰፊሑን ናይ ምጽሓፍ ብሄራዊ መንግስታዊ ሓላፍነት ናብ ናይ ውልቀ ተገደስቲ ውሑዳት ምሁራትን ናይ ደገ ጸሓፍቲን እንግድዓ ወዲቑ። ጸሓፍቲ ሸዋ ታሪኽ ትግራይ ብዝደለይዎ መልክዕ ክኽልስዎን ሓዱሽ ወለዶ ትግራይ በቲ ሓቀኛ ታሪኹ

ዘይኮነስ ብተጻባእቱ ዝጸሓፍዎ ዛንታታትን ጽውጽዋያትን ክኽበብ ተገይሩ። እዚ ኹሉ ዝኸውን ዘሎ ሓቀኛ ብሄራዊ ራእይን መንግስታዊ ዘላቕነትን ትግራይ ብረብሓታት ኣደጊፉ መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ከተግብር ናይ ህዝቢ ትግራይ ቃልሲ መሪሑ ንደርጊ ዝደምሰሰ ቓልሲ ህዝቢ ትግራይ ኣብ ከይዲ ብወያናይ ዲሞክራሲ ካብ ብሄራዊ ዕላም ኡ ስለ ፈንተት ዝበለ እዩ።

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ንሶሻል ዲሞክራሲ ከም ናይ ፖለቲካዊን ማሕበረ ቑጠባዊን ርእዮት ክመርጾ ከሎ ኣብ ሶሻል ዲሞክራሲ ዓበይቲ ባእታታት ዝኾኑ ከም ማሕበራዊ ፍትሒ፣ ርጉዕ ሕብረተሰብ ናይ ምፍጣር፣ ቁጠባዊን ማሕበራዊ ፍትሓሃዊ ተጠቃምነትን ማዕረ ዕድላት ናይ ምግሃድ መትከል፣ ኣሳታፋይን ሓቢርካ ሰሪሕካ ናይ ምዕባይ ማሕበራዊ ባህርያት ሃገራት ኣውሮጳ ሶሻል ዲሞክራሲ ኣብ መፋርቕ ዓሰርተ ትሽዓተ ክፍለ ዘመን ቅድሚ ብስነ ሓሳብ ቅድሚ ምምዕባሎም ኣብ ትግራይ ንልዕሊ ሓደ ሽህ ዓመታት ይትግበሩ ምንባሮም ስለዝርዳእን ምስ ባህልናን ታሪኽናን ዘይሳነ ስነ ሓሳባት ወያናይ ዲሞክራሲን ናይ ሊበራል ርእሰማላዊ ቑጠባዊ ስነ ሓሳባት ናይ ህዝቢ ትግራይ ባህን መንነታዊ መሰረታት ከቕጽሉ ዘይክእሉ ምኻኖም ስለዝርዳእ እዩ። እዞም ክልተ ኣማራጽታት ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምስፋንን ትካላዊ ማሕበራዊ ጸጋታት ስለዘፍርሱ ኣብ ከይዲ ዝፈጥርዎም ማሕበራዊ ቅልውላዋት ዝተረጋገፀ ማሕበረብ ኣብ ትግራይ ናይ ምፍጣር ዕድሎም ዝተሓተ ስለዝኸውን ቁጠባዊ ህንጻት ብቐጻልነት ከድምዑ ከም ዘይክእሉ ካብቲ ናይ ደርቢ ኣፈላላይ መሰረት ዝገበረ ናይ ፍልስፍናታቶም፣ ካብቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ህልዊ ወድዓዊ ኩነትነታት ቐጻልነት ክህልዎ ከም ዘይክእል መሰረቶምን ምግንዛብ ይከኣል።

## 2.4. ክፍለ ኣህጉራዊን ጂኦ -ፖለቲካውን ምዕባለታት

ህላወ ህዝቢ ትግራይ ካብ ነዊሕ ዘመናት ጀሚሩ ብከባቢያዊ ናይ ኣሰላልፋ ዓለምለኻዊን ዞባዊን ሓይልታት ይጽሎ ምንባሩ ካብ ውድቀት ኣኽሱም ጀሚሩ መልከዑ ዝፍለጥ እዩ። ናይ ስዊዝ ካናል ምኽፋትን ናይ ኣውሮፓውያን ባዕዳዊ መግዛእቲ ምትእትታውን ተኸቲሉ ህዝቢ ትግራይ ምስ ወረርቲ መንግስታት ግብጽን ኢጣልያን ክዋጋእን ተዛረብቲ ትግርኛ ኣብ ክልተ ክኽፈልን ኣገዲዱ እዩ። ክህልዎ ይኽእል ዝነበረ ዓብይ ህዝባዊን ፖለቲካዊን ማሕበራዊ መሰረት ክዳኸም ተፈቲኑ እዩ። ካብ ታሪኽ ከም ንግንዘቦ ዓለምለኻዊ ኣሰላልፋታት ምስ ውሽጣዊ ናይ ኢትዮጵያ ሓይልታት ብዝተፈላለየ መልከዑ ተላፊኖም ናይ ህዝቢ ትግራይ ግዝኣታዊ ሓድነት፣ መንግስታዊ ዘላቕነትን ውሽጣዊ ሓድነትን ፈተና ዝኾኑ ምኻኖም ካብ ናይ ጥልያንን ምኒልክን፣ ናይ ሃይለስላሴን ኢንግሊዝን፣ ናይ መንግስቱን ሶቭየት ሕብረትን ናይ ሃገራት ገልፍን ሕዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ጉጅለ ብልጽግናን ጽምዶታትን ዘስዐብዎ ሕሉፍ ክሳራታትን ታሪኽን ኣብ ከይዲ ዘሎ መጽኢ ፈተናታትን ምግንዛብ ይከኣል። ህዝቢ ትግራይ ከም መጠን ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃን ዞባ ሩባ ኣባይን ቀይሕ ባሕርን ብቐረባ ዝርከብ ህዝቢ በዞም ኣገደስቲ ጂኦግራፍያዊ ባእታታትን ኣብዚ ከባቢ ዘለዉ ውሽጣዊን ከባቢያዊን ናይ ፖለቲካዊ ኣሰላልፋታትን ዘለዉ ጽልዋታት ብዓይኒ ምውሓስ መንግስታዊን ግዝኣታውን ዘላቕነቱን፣ ማሕበረ ቁጠባዊ ረብሓታቱን ክግምግሞምን ክከታተሎምን ግድነት እዩ።

ብምኻኑ ድማ ኣብዚ ሕዚ እዋን ናይ ኢትዮጵያ ፌደራላዊ ስርዓት ብግልጺ ኣብ ኢድ ኣሃዳውያን ዝወደቐሉ፣ ሕገመንግስታዊ መሰል ዓርሰ ውሳነ ህዝቢ ትግራይ ብሄራዊ ረብሓታቱን ግዝኣታውን ውሽጣውን ሓድነቱ ኣብ ሕቶ ምልክት ዘእተዉ ሓይልትታት ብክልላውን፣ ፌደራላውን ዞባውን ዓንኬላት ተጸሚዶም ተዋዲዶም ዝሰርሕሉ ፈታኒ ግዜ ምኻኑ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኣጸቢቑ ይግንዘብ። ነዚ ብዝበለጸ ብዝሓላልኽ መገዲ ድማ ሃገራት ወሽመጥ ፐርሽያን ሓዱሽ ቑጠባውን ፖለቲካውን

መደባት ሓንጺጾም ምስ ሃገራት ምዕራብ ዝሰርሕሉን ህዝቢ ትግራይ ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ኣጋጢምዎ ዘሎ ፈተናታት ምስ ዓለማዊ ኣሰላልፋታት ተኣሳሲሩ ናብ ሓዱሽ ምዕራፍ ቐጠናዊ ምዕባለታት ይሰጋገር ምህላዉ ይርዳእ። ከምቲ ኣብ ላዕሊ እተገለጸ እዞም ሓደሽቲ ምዕባለታት ኣብ ከይዲ ስለዘለዉን ንህዝቢ ትግራይ ዘልዎም ጽልዋ ከመይ ይምዕብልን ኣብ ከይዲ ዝገሃድ ኮይኑ ኣብ መሰል ዓርሰ ውሳነናን ቑጠባዊን ማሕበራዊን ረብሓታትናን ዘብጸሖ ለውጥታት ግን ህዝቢ ትግራይ ብዝሃንጾ ጥንኩር መንግስታውን ጸጥታውን ብሄራዊ መሓውርን ኣብ ከባቢና ብዘማዕብሎ ፖለቲካዊን ቑጠባውን ተሰማዕነትን ከም ዝውሰን ካብ ናይ ታሪኽ ተሞክሮና ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ይግንዘብ።

በዞም ሓዱሽ ምዕባለታት መንጽር እንትረአ ኣብ ማእኸል ኢትዮጵያ መሰረት ጌሩ ናይ ትግራይ ብሄራዊ ረብሓታትን ድሌታትን ብኻልአዋይነት ዝሰርዕ ወያናይ ዲሞክራሲ ተወሳኺ ነዚ እዋናዊ ከባቢያዊ ጽልዋታት ዘላቒ መፍትሒ ከቕርብ ከምዘይክእል ርዱእ እዩ።ብምኻኑ ድማ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ነዞም ምዕባለታት ዝብድህ ጥንኩር መንግስትን ብሄራዊ ረብሓታት ቅድሚት ሰሪዑ ዝቃለስ ብሄራዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣማራጺ ዘይብሉን ትግራይ ኣብ ቅድሚኣ ንዘሎ ፈተናታት መድሕን ምኻኑ ብጽኑዕ ይኣምንን ይቃለስን።

## 3. ብሶሻል ዲሞክራሲ ድንፍዕቲ ዝወፅአሎም ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ዓንድታት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ዕላማታት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ካብ ብሄራዊ ረብሓን ባህግን ህዝቢ ትግራይ እዮም ዝብገሱ፡፡ ሳልሳይ ወያነ ንሶሻል ዲሞክራሲ ካብ ካልኦት ርእዮተ ዓለማት መሚዩ ዝተዓጠቐሉ ምኽንያት ሶሻል ዲሞክራሲ ኣብ ትግራይ ከግህዶም ንዝቐረፆም ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖሚያውን ማሕበራውን ረብሓታትን ህዝቢ ትግራይ ቅርበት ስለ ዘለዎን ምስ ባህሊ፣ ታሪኽን ባህግን ህዝቢ ትግራይ ኣሳኒኻ ንምትግባሩ ስለ ዝጥዕምን እዩ፡፡

### 3.1. *ፖለቲካዊ ዕላማ ሳልሳይ ወያነ ትግራይን ሶሻል ዲሞክራስን*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብሄራዊ ውድብ ከም ምኻኑ መጠን ኣብ ህንጸት ዱልዱል ብሄራዊ መንግስቲ (ምሕደራ)፣ህንጸት ጥንኩር ኢኮኖሚ ፣ ምውሓስ ግዝኣታዊ ሓድነትን መንነትን ትግራይ ኣብ ምህናፅ ዝዓለመ እዩ፡፡ ሶሻል ዲሞክራሲ ድማ መሰል እኩባት (ሕብረተሰብ) ስለ ዘረጋግፅን ምስ ዙይ ተተሓሒዙ ድማ መሰል ወልቀሰባት ውን ስለዘውሕስን ምስ ባህልን ልምድታትን ህዝቢ ትግራይ ዝጠዓዓም ብምኻኑ ነዞም ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብብርኪ ብሄር ተወዲቡ ከግህዶም ዝቐረፆም ዕላማታት ኣዝዩ ተመራጺ እዩ።

#### 3.1.1. *ህንፀት ብርቱዕ መንግስትን መንግስታውን ህዝባዊ ትካላትን*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ካብ ዝተሓገጦም ቀንዱ ዕላማታት ሓዱኡ ኣብ ትግራይ ብርቱዕ ብሄራዊ መንግስቲ ምህናፅ እዩ፡፡ ብርቱዕ መንግስቲ በሰብ ሓይሊ፣ ብቴክኖሎጂ፣ ዘመናዊ ስርዓትን ኣሰራርሓን ብዝተዓጠቑ መንግስታውን ህዝባውን ትካላት ክሕገዝ ኣለዎ፡፡ ሶሻል ዲሞክራሲ ብርቱዕ መንግስታውን ህዝባውን ትካላት ኣብ ምህናፅ ስለ ዘድህብ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ምስ ዝተሓንገጦ ብሄራዊ ዕላማታት ዝሳነ እዩ፡፡ ብዙይ መሰረት ሶሻል ዲሞክራሲ ኣብ ትግራይ ብርቱዕ መንግስቲ ከረጋግፅ ዝኽእል ትካላዊ ዓቕሚ ኣብ ምድንፋዕ ዕዙዝ ግደ ይህልዎ፡፡

### 3.1.2. *ናይ ምውዳብ፣ ምዝራብ፣ ምፅሓፍን መሰል ዜጋታት (ውልቀ ሰባት)*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኣብ ትግራይ ልዕልና ሕጊ፣ ናይ ምውዳብ፣ ምዝራብን ምፅሓፍን መሰል ዜጋታት ክረጋገፅ ዝቃለስ ውድብ እዩ፡፡ ሶሻል ዲሞክራሲ ብመደብለ ፓርቲ (Multi-party system)፣ናይ ሓሳብ ብዙሃነት (Plurality of Ideas)፣ ምርግጋፅ ሰብኣውን ፖለቲካውን መሰላት ስለ ዝኣምን ፖለቲካዊ ዕላማ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብዕምቆት ንምትንታን፣ ንምርዳእ፣ ቅርፂ ንምትሓዝን ከምኡውን ንተግባራውነቱ ይሕግዝ፡፡

### 3.1.3. *ፆታዊ ማዕርነት*

ምርግጋፅ *ፆታዊ ማዕርነት* ካብቶም ኣብ ቅድሚት ዝሰርዑ ቀንዲ ዕላማታት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሓደ እዩ፡፡ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኣብ ልዕሊ ተጋሩ ዝበፅሑ መወድልዎን ጥቕዓትን ኣብ ናይ ሓደ ሕብረተሰብ ክፋል ወይ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ብውልቂ ዝበፅሑ ከይኮነ ማሕበረሰባዊ መድልዎን ጥቕዓትን ገይሩ እዩ ዝወስዶ፡፡ ሶሻል ዳምክራሲ ድማ ጾታዊ ማዕርነት ኣካል ዕላም ምርግ ጋጽ ማሕበረሰባዊ ፍት ሕን ስምረትን ጌሩ ስለዝስወዶ ከም ርእዮተ ዓለም ወሲደን ዝተግበራ ዓድታት ኣብ ፆታዊ ማዕርነትን ማሕበራሰባዊ ሰምረትን ፅቡቕ ስዳሮ ኣመዝጊበን እየን፡፡

## 3.2. ኢኮኖሚያዊ ዕላማታት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

### 3.2.1. ኢኮኖሚያዊ ተሳትፎ መንግስቲ

*ሀ. ሃፍቲ ምፍጣር (Wealth Creation)*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ናይ ዕዳጋ ጉድለትን ጠለባትን ውልቀ ሰብ ሃፍቲ ኣብ ዘይደንፍዕሉ ኣብ ከም ትግራይ ዝበለ ዓዲ መንግስታዊ ተሳትፎ ዘለዎ ኢኮኖሚ ክህሊ ግድን እዩ ኢሉ ይኣምን፡፡ ብዘይ መሰረት ብሕጊ ናፃ ዕዳጋ ዝምራሕ ኾይኑ መንግስቲ ኣብ ስትራቴጂካዊ ዘፈራት ሃፍቲ ኣዋፊሩ ከፍሪ ወይ ግልጋሎት ከቕርብ ከምዝኽእል ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኣብ ፕሮግራሙ ኣቐሚጡ ኣሎ፡፡ ሶሻል ዳምክራሲ ብክልሰ ሓሳብ መንግስቲ ኣብ ምፍራይ ከምዝሳተፍ ዝቕበል ኮይኑ ብተሞክሮ እውን ሶሻል ዲሞክራሲ ከም ርእዮተ ዓለም ዝተሓንገጣ ሃገራት ተራእዩን ይርአን ኣሎ እዩ፡፡

*ለ. ኢኮኖሚያዊ ስግግር (Economic Transformation) ምርግጋፅ*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ መንግስቲ ኣብ ሃፍቲ ምፍጣር ጥራይ ከይኮነ ኢኮኖሚያዊ ስግግር ክግህደ ዝኽእሉ ቴክኖሎጂካዊ እታወት ኣብ ምቕራብ፣ ኣብ ፅንዓት፣ ኣብ ምርምርን ምህዞን ምትብባዕን ክነጥፍ ከምዘለዎ ይኣምን፡፡ ኣብ ስትራቴጂካዊ ዘፈራት ሃፍቲ ምውፋር እውን ኢኮኖሚያዊ ስግግር ኣብ ምግሃድ ዝዓለመ ክኾን ይኽእል እዩ፡፡ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሶሻል ዲሞክራሲ ከም ኣማራጺ ርእዮተ ዓለም ዝተሓንገጠሉ ካብቶም ቀንዲ ዕላማታት ሓደ መንግስቲ ኣብ ኢኮኖሚ ተሳትፎ ክህልዎ ስለ ዝድግፍ እዩ፡፡ ብዙ መንፅር ኢኮኖሚያዊ ፖለሲኣን ቐሪፀን ተግባራዊ ዝገበራ ሃገራት ድማ ብቕልጡፍ ኢኮኖሚያዊ ስግግር ኣረጋጊፀን ብፍልጠትን ብቴክኖሎጂን ናብ ዝምራሕ ኢኮኖሚ ኣትየን እየን፡፡

*ሐ. ማሕበራዊ ትርጉም (Social Impact) ዘለዎም ፍርያትን ግልጋሎትን ምቕራብ*

ውልቀ ሰብ ሃፍቲ ድልየት ስለ ዘሎ ጥራይ ከይኮነስ ከስቢ (profit) ክምዝረከብሉ ርግፀኛ ተኾይኖም እዮም ሃፍቶም ዘዋፍሩ፡፡ ከስቢ ዘየስዕቡ ድልየታት ቀረብ እንትስእኑ ድማ ኢኮኖሚያዊ ቅልውላው የስዕብ፡፡ መሰረታዊ ፍርያትን ግልጋሎትን ክረክብ ዝግብኦ ክፋል ሕብረተሰብ እውን ቀረብ ዝስእነሉ ኩነታት ይፍጠር እዩ፡፡ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ መንግስቲ ማሕበራዊ ትርጉም ኣብ ዘለዎም ዘፈራት ሃፍቲ ከዋፍርን ንተጠቀምቲ/ተገልገልቲ ፍርያት ወይ ግልጋሎት ከቕርብ ከምዝኽእል ከም ኣንፈት ሒዝዎ ኣሎ፡፡ እዙይ ዕላማ ብስነ ሓሳብ ሶሻል ዲሞክራሲ ክዓሙቕ፣ ክትንትንን ክቕረፅን ግድን እዩ፡፡

### 3.2.2. *ስርዓት ናፃ ዕዳጋ*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብናፃ ዕዳጋ ይኣምን እዩ፡፡ ኣብ ትግራይ እውን ናፃ ዕዳጋ ክትግበር ከምዘለዎ ኣብ ፕሮግራሙ ኣስፊሩ ኣሎ፡፡ ሶሻል ዲሞክራሲ እውን ናፃ ዕዳጋ ዝቕበልን ዘደንፍዕን ርእዮተ ዓለም እዩ፡፡ ይኹን እምበር ብምኽንያት ውድቀት/ጉድለት ዕዳጋ (Market Failure) ዝፍጠር ኢኮኖሚያዊ ቅልውላው (Economic Instability/Crisis) ተጋጢሙ እቲ ኹነታት ከይጋደድ ወይ ንክዕረ መንግስቲ ናይ ሓፂር እዋን ፖሊሲታት (Fiscal or Monetary Policy) ብምትእትታው ኣብ ናፃ ዕዳጋ ኢድ ክእቲ ይኽእል፡፡

### 3.2.3. *ምትብባዕ ውልቀ ሰብ ሃፍቲ*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብሓፈሻ ኣብ ትግራይ ሃፍቶም ኣዋፉሮም ፍርያት ወይ ግልጋሎት ከቕርቡ ዝደልዩ ሰብ ሃፍቲ የተባብዕ እዩ፡፡ ብፍላይ ድማ መንግስቲ ቀዳምነት ኣብ ዝሰርዖም ዘፈራት ሃፍቶም ዘዋፍሩ ሰብ ሃፍቲ መንግስቲ ከተባብዕ ከምዘለዎ ይኣምን፡፡ እዙይ ብቕረብ ልቓሕ፣ መሰረተ ልምዓት፣ ፖሊሲ ወዘተ መልኪዑ ክግለፅ ይኽእል እዩ፡፡ መንግስቲ ቀዳምነት ኣብ ዝሰርዖም ዘፈራት ሃፍቶም ዘዋፍሩ ሰብ ሃፍቲ ምትብባዕ ሶሻል ዳምክራሲ ዝቕበሎን ሃገራት ዝግበርኦን እዩ፡፡ ይኹን ምበር ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ዝተፈላለዩ መሳርሕታት ብምትእትታው ኣብ ካሊእ ቦታ ዝፈረዩ ፍርያታት ወይ ግልጋሎታት ናብ ትግራይ ከይኣትው ምእጋድ ወይ ዕንቅፋት ምፍጣር (Protectionist Policy) ኣይኣምንን፣ ኣየተኣታትን፡፡

## 3.3. *ማሕበራዊ ፖሊሲ ሳልሳይ ወያነ ትግራይን ሶሻል ዳሞክራስን*

### 3.3.1. *ጥዕንኡ ዝተሓለየ መፍረያይ ሕብረተሰብ ምፍጣር*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ድኽነት ብምትሕማም ካብ ፀሞለኛነት ዘየናግፍ (Social Security/welfare) ፖሊሲ ከይኮነ ጠመተ ዝህቦ ዕዒሩ ካብ ድኽነት ዝናገፍን ሃፍቲ ዘሰስንን መፍረያይን ሕብረተሰብ ኣብ ምፍጣር እዩ፡፡ ብዙ መሰረት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ንዝርግሐ መሰረተ ልምዓትን ፅርየትን ጥዕና፣ ትምህርቲ፣ ማይ ወዘተ ዕዘዝ ጠመተ ክህብ እዩ፡፡ ፈላጥ፣ ክኢላ፣ ኣብ ዝተዋፈሮ ዓውዲ ፀብለልታ ዘመዝግብ ተመራማራይ፣ ማሃዛይን መፍረያይን ወለዶ እቶቱ ይስስን፣ ንባዕሉ ካብ ድኽነት ተናጊፉ ንዕብየትን ልምዓትን ዓድን ድማ ኣበርክቶ ይህልዎ፡፡ እዙይ ሶሻል ዲሞክራሲ ከም ርእዮተ ዓለም ዝቕበሎን ብስነ ሓሳብ ሶሻል ዲሞክራሲ ፖሊሲኣን ቀሪፀን ተግባራዊ ዝገበራ ሃገራት እውን ዕውት ተሞክሮ ዘመዝገባሉ ዓውዲ እዩ፡፡

### *3.3.2. ማሕበራዊ ቕሳነት/ህድኣት (Social Stability) ዝዓሰሎ ሕብረተሰብ ምፍጣር*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ማሕበራዊ ቕሳነት ወይም ህድኣት ዝዓሰሎ ሐብረተሰብ ኣብ ምፍጣር እዩ ዘድህብ፡፡ ብዙይ መሰረት የመና ፍኑው ዝኸደ ናፃ ዕዳጋ ሃገራዊ ሃፍቲ ኣብ ውሕዳት ሰባት ተኣኪቡ ውሑዳት ሰብ ሃፍቲ ኣብዝሓ ድኻታትን

ብምፍጣር ማሕበራዊ ዘይምቅድዳውን ጎንፅን ዝዓሰሎ ሕብረተሰብ ከይፍጠር ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብመንግስት ዝተኣታተውን ዝዝርግሑን ፖሊሲታት፣ ሕግታትን ኣሰራርሓታን ክህልው ኣለዎም ኢሉ ይኣምን፡፡

ናይ ሶሻል ዲሞክራሲ ማሕበራዊ ፍትሒ ኣብ ምስፋን ዘድህበ ርእዮተ ዓለሙ ማሕበራዊ ህድኣት ዝዓሰሎ ሕብረሰተብ ኣብ ምፍጣር ዝዓለመ እዩ፡፡ ዝፈረየ ወይ ዝሰሰነ ሃፍቲ ምክፍፋል ማለት ብግብሪ (ፈሰስ) መልኪዕ ኣኪብካ ወለድ መፍረያይ ኾይኑ ካብ ድኽነት ብፃዕሩን ብረሃጹን ዝናገፈሉ ክእለትን ጥዕናን ዘጥርየለን ቤት ትምህርትን ጥዕናን ምህናፅ ከምኡውን ገባር ፍርያቱ ንዕዳጋ ዘውፅኣሉን እታወት ብሕሳር ዝረኽበሉን መንገድን መራኸቢ መሰረተ ልምዓት ምዝርጋሕን ምፅፉፍን ካብቶም ማሕበራዊ ህድኣት ዝፈጥሩ ኣንፈታት ሓደ እዩ፡፡

### 3.3.3. *ብሄራዊ ስምረት (Social Solidarity) ምድንፋዕ*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሕጋዊ ግቡእ ካብ ምውፃእ ንላዕሊ ብማሕበራዊ ስነ ልቦና መዳይ ብርኽ ዝበለ ማሕበረሰባዊ ስነ ሓሳብ እዩ ከተኣታትውን ከማዕብልን ዝሓልም፡፡ ሕጊ ምኽባርን ሕጋዊ ግቡእ ምውፃእን ቕቡል ኾይኑ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክፈጥሮ ዝደልዮ ግና ዕላምኡን ረብሕኡን ተረዲኢዎ ግብኡ ዝፍፅም ሕብረተሰብ እዩ ክሃንፅ ዝደሊ፡፡ ዕላምኡን ረብሕኡን ተረዱኢዎ ግብኡ ዝፍፅም ሕብረተሰብ ማለት ማሕበራዊ ስምረት (Social Solidarity) ዝሃነፀ ሕረተሰብ ምድንፋዕ ማለት እዩ፡፡ ከም ኣብነት ንመርኣይ ግብሪ (ፈሰስ) ፅዒሩ ወይ ሃፍቲ ኣዋፊሩ ካብ ዝተጠረየ ወይ ዝሰሰነ እቶት ዝውህለል (ዝእከብ) ቅርሺ ኢዩ፡፡ እዚ ዝእከብ ቅርሺ ፅዒሩ ሃፍቲ ዘጥርን ንመንግስታውን ውልቀ ሰብ ሃፍትን ትካላት ሓይሊ ሰብ ንምቕራብ ጥዕንኡ ዝተሓለወ መፍረያይ ወለድ ንምፍጣር ዝዓለመ ትካላት ጥዕናን ትምህርትን ኣብ ምህንፅ ወይ ምፅፋፍ፣ ናይ ስራሕ ዕድል ዝፈጥሩን ፍርያትን ግልጋሎትን ንሕረተሰብ ዘቕርቡ ውልቃዊ ሰብ ሃፍቲ መተባብዒ ዝኾነ መሰረተ ልምዓት ንምዝርጋሕ/ምህናፅ፣ ገባር እታወት ንምዕዳግን ፍርያቱ ንዕዳጋ ንምውፃእን ዝሕግዝ መሰረተ ልምዓት ንምህናፅ ወዘተ ይውዕል፡፡ ግብሪ ኩሉ ከም መጠን ፍርያቱን ፀጉኡን ዝበርክተላ፣ ብውፅኢቱ ድማ ኹሉ ክፋል ሕብረተሰብ ተረባሒ ዝኾነላ መረአያ ስምረት (Solidarity) እያ፡፡ ማሕበረሰባዊ ሰምረት (Social Solidarity) ብስነ ሓሳብ ሶሻል ዲሞክራሲ ዝድንፍዐሉን ባይታ ኣብ ትግራይ ምፍጣር ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ካብ ዝተሓንገጦም ቀንዲ ዕላማታት ሓደ እዩ፡፡

## 4. ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኣብ ትግራይ ዘተግብሮም ዝርዝር ናይ ፖሊሲ ኣንፈታት

### 4.1. ዝርዝር ፖለቲካዊ ተግባራት

### 4.1.1. ምርግጋጽ መሰላትን ምንጋስ ፍትሕን ዲሞክራሲን

#### *ሀ. ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብርቱዕን ዲሞክራስያዊን ብሄራዊ መንግስቲ ብምህናጽ መንግስታዊ ዘላቕነት ክህሉ ክሰርሕ ዩ*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ብሄራዊ ውድብ እዩ። ረብሓ ትግራይ ዝብሎም ዓንድታት ነጺሩ እንተቐምጥ ነዚ ዘፈጽም ብሄራዊ ፕሮግራምን ብሄራዊ ኣወዳድባን ይኽተል። ህንጻት ብሄራዊ ምንግስትን ጥንኩር ትካላት ምሕደራን ግን ዘላቒ ብሄራዊ ረብሓታት ምበር ግዚያዊ ፖለቲካዊ መሓውራት መፈጸሚ ፖለቲካዊ ፕሮግራም ጥራሕ ገይሩ ኣይሪኣምን። ብምኻኑ ድማ ብናፃን ፍትሓዊ ፖለቲካዊ ንሕንሕ ፖለቲካዊ ስልጣን ብምዕታር ድልዱልን መንግስትን ፖለቲካዊ ውድብን ዝፈለየ ስርዓት ምህናፅ ኣካል ህንጸት ጥንኩር ብሄራዊ መንግስቲ ትግራይን ምርግጋጽ መንግስታዊ ዘላቕነትን ምኻኑ ኣስሚሩ ይለዓል። በዚ መሰረት፣

- ✓ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ዝሃንጾ ፖለቲካዊ ስርዓት ትግራይ ሕገመንግስታዊን ናይ መድብለ ፓርቲ ብዝሃነት ዝተኣናግድ ዲሞክራሲያዊ ባይታ ከቕረጽ ከገብር ዩ፣
- ✓ ሰለስቲኦም ኣካላት ሕጊ መውጽኢ፣ ሕጊ ተርጓሚን ሕጊ መፈጸሚን ነናይ ሕድሕዶም መንግስታዊ ዕማም ብናጽነት ይፍጽሙን እቲ ሓደ ኣብቲ ናይቲ ኻልእ ስራሕ ጣልቃ ዘይኣትወሉ ሕገ መንግስታዊ ስርዓት መንግስቲ ይምስረት።
- ✓ ኣባላት ቤት ምኽሪ ድማ ብመረጻ ብመሰረት ሕገመንግስቲ ትግራይ ክምረጹ ከገብር ዩ፣
- ✓ ንሕገ መንግስቲ ትግራይ ሓዊሱ ንኩሎም ሕግታት ከምኡ ውን ኣብ ትግራይ ተፈፃምነት ዘለዎም ናይ ፌደራል ሕግታት ናይ ምትርጓም ስልጣን ዘለዎ ሕገ መንግስታዊ ቤት ፍርዲ ኣብ ትግራይ ክጣየሽ ከገብር ዩ፣

**ለ. ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሕገ መንግስቲ ፌደራል ንመሰል ዓርሰ ውሳነ ብዘረጋግጽ መልክዑ ክመሓየሽ ክሰርሕ ዩ፣**

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ቋንቋ፣ ባህሊ፣ ክብርታትን መንነትን ትግራይ ክኽበርን ኣብ ፌደራል መንግስቲ ክውክሉን ጠመተ ሂቡ ክቃለስ እዩ።

- ነዚ ዘድልዩ ትካላት ክጣየሹን ኣሰራርሓታት ክዝርግሑን ተግባራዊ ክኾኑን ክሰርሕ እዩ።
- ህንፀትን ልምዓትን መንነት ትግራይ ኣብ ትግራይ ዘለዋ ብሄረሰባት ንህንፀት ምዕባላ ትግራይ ወሳኒ ስለዝኾነ ጠመተ ተዋሂቡ ክሰረሐሉ ከገብር እዩ።

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሐዚ ዘሎ ሕገ መንግስቲ ከም መበገሲ ፅቡቕ እኳ እንተኾነ ረብሓ ትግራይ ብሙሉእነት ክሽከም ኣይኽእልን ኢሉ ይኣምን። ስለዝኾነሳልሳይ ወያነ ትግራይ ትግራይ ኣብ ትውከለሉ በት ምኽሪ ፌደሬሽን እዞም ዝስዕቡ ቅርጽታት ክማልኡ ክሰርሕ እዩ።

- ✓ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሓቀኛን ዘይተማእኸለን ፌደራሊዝም እቲ ዝተሓተ ትግራይ ምስ ኣባላት ፌደረሽን ዝኾኑ ኣብ ኢትዮጵያ ዝርከቡ ብሄራትን ብሄርሰባትን ዘተኣሳስር ሕገመግስታዊ መስርሕ ምኻኑ ኣስሚሩ ይለዓል።
- ✓ ትግራይ ኣብቲ ፌደረሽን ክህልዋ ዝግባእን ብመንፀር ረብሓ ትግራይ ዝተፈለገን ሓዱሽ ውዕሊ ፌደረሽን ሒዙ ክቐርብ እዩ። እዚ ውዕሊ ንትግራይ ዝሓሸ ፖለቲካውን ሕጋውን ስልጣን ዝህብ፣ ጨፍላቕን ካብ ዓቕሙ ንላዕሊ ዝኾነ ሃፍትን ስልጣንን ዘለዎ ፌደራል መንግስቲ ንከይህሉ ዝገብርን ጥንክርቲ ትግራይ ዝፈጥርን እዩ።
- ✓ ኣባላት ቤት ምኽሪ ፌድሬሽን ብብሄራዊ መንግስታት (ክልላት) ዝውከሉ ኾይኖም ኩለን ብሄራዊ መንግስታት ማዕረ ተወከልቲ ክህልወን ክሰርሕ እዩ።
- ✓ ቤት ምኽሪ ፌድሬሽን ኣብ ፌደራላዊ ሕገ መንግስታዊ ትርጉም ከምኡውን ንክልላት ብፌደራል መንግስቲ ዝምደብ በጀት ኣብ ምውሳን ስልጣን ይህልዎ።
- ✓ ቤት ምኽሪ ተወከልቲ ህዝቢ ዘሕልፎም ኣብ ክልላት ተፈፃምነት ዘለዎም ሕግታት ወይ ኣዋጃት ናብ ቤት ምኽሪ ፌደሬሽን ከይዶም ክፀድቑ ኣለዎም።
- ✓ ፌድራል መንግስቲ ኣብ ዉሽጣዊ ጉዳያት ኣባላት ፌድሬሽን ዝኾና ብሄራዊ መንግስታት ከይኣቲ ምክልኻልን ምእጋድን ዝኽእል ስልጣን ይህልዎ።

### *ሐ. ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ቛንቋ፣ ባህሊ፣ ክብርታትን መንነትን ወለድና ክኽበርን ኣብ ፌድራል መንግስቲ ክውከሉን ጠመተ ሂቡ ክቃለስ እዩ፣*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ መሰል ዓርሰ ውሳነ ክሳብ ምምስራት ሃገረ ትግራይ ዝብል መሰል ሕገ መንግስቲ ብፍሉይ ይድግፎ። ህዝቢ ትግራይ ረብሓታቱ ኣብዛ ፌደራላዊት ኢትዮጵያ እንድሕር ዘይረጋገፅ ኮይኑ ጎይታ ባዕሉ ኾይኑ ዝነብረላ ሃገር ክትህልዎ ግድን እዩ። ስለዝኾነ ኢትዮጵያ ዝሪኣሉ መነፀር ብመለኮታውነት፣ ብዘይጭበጥ ሓሳብን ስምዒትን ከይኮነስ ብእርይ ቁፅሪ ረብሓ ትግራይ እዩ።

### *መ. ድምክራስያዊ መሰላት ዝምልከት*

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ንማሕበራዊ፣ ፖለቲካዊ ኢኮኖሚያዊ፣ ባህላዊ፣ ሲቪላዊ፣ ፆታዊ፣ ልምዓት ትግራይን ተጋሩን ምውዳብ ወሳኒ እዩ ኢሉ ይኣምን። ስለዝኾነ ኣብዞም ዓውዲታት ዝግበር ውዳብ ብነፃን ብዘይ ዓንቀፍቀፍን ክሳለጥ ሕግታት ብምውፃእ ክጠናኽሮ እዩ።

ብምኻኑ ድማ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ነዚ ናይ ሓሳብ ብዙሕነት ተተኣናግድ ድምክራስያዊት ትግራይ ናይ ምህናፅ መደቡ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ድማ እዞም ዝስዕቡ ስራሕቲ ክትግበሩ ክሰርሕ ዩ፣

- ✓ ኣንፃር መሰላት ምውዳብን ሓሳብካ ምግላጽን ዝኾኑ ዝኾኑ ሕግታት ተልዮም ክስዓሩ ክግበር እዩ።
- ✓ ሕገ-መንግስታዊ ውሕስና ዘለዎ ናይ ምውዳብ፣ ሓሳብ ብነፃ ናይ ምግላፅ፣ ምእካብ፣ ብማዕረ ናይ ምርኣይን ምትእንጋድን ሰብ ኣብ ዝደልዮን ዝመረፆን ስራሕ ናይ ምውፋር መሰላት ክረጋገጹ ብዕቱብ ክሰርሕ እዩ።
- ✓ መሰል ዝሕልውን ዘደንፍዑን ጠንካራ ሞንጎኛ ትካላት ብምህናፅ ማሕበራት ሲቪክ ኣካል ማሕበረሰባዊ ለውጢ ስለዝኾና ሕጋዊ መሰለ ተጠቂመን ዝንቀሳቐሳሉ ባይታ ክህሉ ክሰርሕ እዩ።
- ✓ ስራሕን ተግባርን ሲቪክ ማሕበራት ኣብ ረብሓ፣ ታሪኽን መንነትን ክብርን ህዝቢ ትግራይ መሰረት ገይሮም ክንቀሳቐሰ ከተባብዕ እዩ።
- ✓ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ማሕበራት ሓፋሽ ነፃ ኮይነን ረብሓን መሰልን ኣባላት ብምድንፋዕ ኣብ ልምዓትን ድምክራስያዊ ድንፈዐን ትግራይ ኣበርክቶ ክግብራን ድልዱል መሰረት ክህልወንን ክሰርሕ እዩ።
- ✓ ኣብ ትግራይ ዘሎ ተሳትፎ ሲቪክ ማሕበራት፣ ውዳበታትን ዘማዕብሉ ኣሰራርሓታትን ትካላትን ክህነፁ ክሰርሕ እዩ።

### ረ. መሰል ሓሳብ ምግላፅን መራኸብቲ ሓፋሽን

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ተጋሩ ኣብ ጉዳይ ዓዶምን ውልቃዊ ሂወቶምን ዝመሰሎም ሓሳብ፣ ኣርኣእያን ዝንባለን ብዘይምንም ኢድ ኣእታውነትን ሰኽፈትን ብነፃነትን ኣብ ዝኾነ መራኸበቲ ሓፋሽ ናይ ምግላፅ፣ ሓበሬታ ናይ ምቕባል፣ ናይ ምእካብን ናይ ምግዋሕን/ ምፍናውን መሰል ክህልዎም ክቃለስ እዩ።
ነዚ ናይ ሓሳብ ብዙሕነት ተተኣናግድ ድምክራስያዊት ትግራይ ናይ ምህናፅ መደቡ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ድማ እዞም ዝስዕቡ ስራሕቲ ክትግበሩ ክሰርሕ ዩ፣

- ✓ መራኸብቲ ሓፋሻት ካብ ፖለቲካዊ ወገናዊነት ነፃ ኾይነን ዝሰርሓሉ ሃዋህው ክህሉ ክሰርሕ እኦዩ።
- ✓ ነዚ ዝዕንቅፉ ሕግታት፣ ኣዋጃትን ኣሰራርሓትን እንተሃልዮም ክስዓሩ ተገይሩ ብካልኦት ክትካእ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክቃለስ እዩ።
- ✓ መራኸብቲ ሓፋሽ ባህሊ፣ ልምዲ፣ መንነትን ክብርን ትግራይ መሰረት ገይረን ክሰርሓ ከተባብዕ እዩ።።
- ✓ ነዚ ዝምልከቱ ሕግታት፣ ኣዋጃትን ኣሰራርሓታትን ወፂኦም ተግባራዊ ክኾኑ ክግበር እዩ።
- ✓ መራኸብቲ ሓፋሽ ንክስፋሕፋሓን ፅፈትን ዕግበትን ማእኸል ዝገበረ አወሃህባ ህዝባዊ ግልጋሎተን ሰለጤን ስራሕ ንክህልወንን ትካል ብሮድካሰት ኣብ ትግራይ ከጣይሽ  እዩ።

## ሰ. ርክብ ትግራይን ፌደራል መንግስትን

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ምፍጣር መንነታዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ኢኮኖምያዊን ግዝኣታዊን ሉኣላዊነታ ዝሓለወት ዲሞክራስያዊትን ምዕብልቲን ትግራይ ማለት ሓደ ኣካል ምፍጣር ምዕብልቲ ፌድራላዊት ዲሞክራስያዊትን ኢትዮጵያ እዩ ኢሉ ይኣምን። ርክብ ፌድራል መንግስቲን መንግስቲ ትግራይን ኣብ ምኽባር መሰረታዊ ረብሓታት ትግራይን ሉኣላዉነት መንግስቲ ትግራይን ዝምስረት ይኸውን። መንግስቲ ትግራይ ካብ ስልጣኑ ቀንጢሩ ንፌድራል መንግስቲ ዝህቦ ስልጣን ኢኮኖምያዊ፣ ፖሊቲካዊን ድሕንነትን ትግራይ ዝበለፀ ንክኽበርን ንክጠናኸርን ዕላማ ዝብገስ እዩ። ፌደራሊዝምን መሰል ዓርሰ ውሳነን ዝምልከት ድማ፣

- ✓ መንግስቲ ትግራይ ከም ካልኦት ኣባላት ፌደረሽን ፍልፍል ስልጣን መንግስቲ ፌደራል እዩ። ስለዝኾነ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ፌደራል መንግስቲ ብኣንፃር ረብሓ ትግራይ ብዘይካ እቶም ኣብ ሓበራዊ ስልጣን፣ ብወለንታ፣ ብድሌትን ብምክብባርን፣ ብውክልና ንፌድራል መንግስቲ ዝተውሃቡ መዝታት፣ ብሄራዊ ረብሓታት ትግራይ ከኽብር፣ ክሕሉን፣ ሕገመንግስታዊ ውሕስና ከረጋግፅን ክሰርሕ እዩ።
- ✓ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ቋንቋ፣ ናይ ህዝቢ ኣሰፋፍራን ፍቓድን መሰረት ዝሕንፀ ፌደራል ስርዓትን እቲ ዝነኣሰ መተኣሳሰሪ ገመድ ሃገራዊ መድረኽ እዩ ኢሉ ይኣምን።
- ✓ መንግስቲ ትግራይን ፌደራልን ዝህልዎም ርክብ ሕገ መንግስታውን ትካላውን ይኸውን እዩ።
- ✓ ካብዚ ወፃኢ ዝህሉ ሕጊ፣ ርክብ፣ ተግባር ኮነ ኣሰራርሓ ተቐባልነት የብሉን። ህዝቢ ትግራይ ዋኒናቱን መሰላቱን ባዕሉ ንኽውስን ሉዓላዊ ስልጣን፣ ሙሉእ መሰሉ ከረጋግጽ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- ✓ ስልጣን መንግስቲ ፌድራል ንሓበራዊ ጥቕምን፣ ንዝበለፀ ውህሉል ዓቕምን፣ ናይ ዕዳጋ ዕድላት ንምፍጣር፣ ብሓበር ተደጋጊፍካ ንምዕባይን ንምልማዕን፣ ብፍቓድ፣ ብድሌትን ብወለንታን፣ ንሓበራዊ ጥቕሚ ተባሂሉ ብዝተፈጥረ ሓበራዊ ምሕደራ ካብ ህዝቢ ትግራይ ተቖንጢሩ ንፌድራል መንግስቲ ዝወሃብ እዩ።
- ✓ ኣብ ውሽጣዊ ምሕደራን መሰል ዓርሰ ውሳነን ትግራይ ፌድራል መንግስቲ ኢዱ ኣእትዩ ክሓማዝቑን፣ ክውስንን ፍፁም ሕጋዊን፣ ሞራላዊን ተቐባልነት ኣይህልዎን፣ ተጋጢሙ እውን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ከም ምፍራስ ቃል ኪዳን ፌድሬሽን ገይሩ ይወስዶ።ያነ ትግራይ]

## ሸ. ውሽጣዊ ምሕደራዊ ናፅነት ትግራይ ሕገ መንግስታዊ ምምሕያሻትን

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ከም ብሄራዊ ውድብ መንግስቲ ትግራይ ብመሰረት መትከል መሰል ዓርሰ ውሳነ ክሰርሕ ኣለዎኢሉ ይኣምን። ስለዝኾነ ድማ ትግራይ ብመሰረት ናይ ባዕላ ረብሓኣ፣ ሃፍተ ገነትን ሓይሊ ሰባን  ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣

ኢኮኖሚያዊ፣ ባህላውን ትካላውን ፖሊሲታትን ክህልዋ ክስራሕ እዩ። ብምኻኑ ድማ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ነዚ ንምፍጻም ድማ ነዞም ዝስዕቡ መትከላት ሕጋው መስርሕ ሂዞም ክትግበሩ ክሰርሕ ዩ፣

- ✓ መንግስቲ ፌደራል ሕጋዊ መሰረት ኣብ ዘይብሉ ዝኾነ ዓውዲ ብዘይፍቓድ መንግስቲ ትግራይ ኢድ ኣእታውነት ከይህልዎ ክሰርሕ ዩ፣
- ✓ ንትግራይ ካብ ሕገ መንግስታዊ መስርሕ ወፃኢ ኢድ ኣእታውነት ዝድግፍ ስራሕ ፈፃሚ ትግራይ ቤት ምኽሪ ትግራይ ይብተን፣ ብሕጊ ድማ ተሓታቲ ይኸውን። ኣፈፃፅማኡ ብኣዋጃት ይውሰን፣
- ✓ ውሽጣዊ ምሕደራን ናይ ፖሊሲ ናፅነት ዝበለፀ ክጠናኸር ሕግታትትን ኣሰራርሓታትን ክወፁ ክግበር እዩ። ነዚ ዝዕንቀፉ ሕግታት፣ ኣዋጃትን ኣሰራርሓታትን እንተሃልዮም ድማ ይስዓሩ፣
- ✓ ረብሓን ፖሊሲ ናፅነትን ትግራይ ንምድንፋዕ መንግስቲ ትግራይ ብሕገ መንግስቲ ዝተውሃቦ ስልጣን ፀንቂቑ ክጥቀም፣ ሕገ መንግስታዊ መሰረት ዘይብሎም ፌድራል መንግስቲ ዘማእኸሎም ስልጣናት ናብ ትግራይ ክወርዱን ሕገ መንግስታዊ ክለሳ ዘድልዮም ጉዳያት ዳግም ክርኣዩን ክሰርሕ እዩ።
- ✓ ኣብ ምደባ በጀት፣ መቐሎ ሃፍቲ ማእድን፣ ኣሰራርሓ ባንኪ ፌደራልን መቐሎ ሽርፌ ወፃእን ወዘተረፈ ብናይ ትግራይ ድልየት ልምዓት፣ ኣበርክቶን ክድረኽ፣ ትግራይ ክንዲ ዝግብኣ ተረባሒት ክትኾን ዘኽእሉ ኣሰራርሓታት ናይ ፖሊሲ ናፅነትን ንኽተኣታተው/ንክዝርግሑ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክቃለስ እዩ።
- ✓ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ መንግስቲ ትግራይ ፋይናንሳዊ ትካላት፣ ትካላት መሰረተ ልምዓት፣ ትካላት ልምዓት መንግስትን ብናይ ትግራይ ሕገ መንግስቲ ዝተመሰረተ ናይ ምውሳን ስልጣን መሰረት ገይሮም ኣብ ትግራይ ንክዝርግሑን ክጣየሹን ክቃለስ እዩ።
- ✓ መንግስታዊ ምምሕያሻት ብዝምልከት ድማ
    - ○ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኣብ ዓንቀጽ 52(2) (ሀ) ፣ "....ላዕለዋይነት ሕጊ ? ኽብር ዱሞክራስያዊ ስርዓት ይሃንፅ፣ እዙ ሕገ-መንግስቲ ከይጥሓስ ይሕሉ፣ ይከላኸል" ዝብል ንክልላት ዝተውሃበ ስልጣን ተጠቒሙ መንግስቲ ትግራይ ብናይ ባዕሉ መንገድን ኣካይዳን ዱሞክራስያዊ ስርዓት ዘስፍኑ ትካላት ክሃንፅ እዩ፡፡
    - ○ ብመሰረት ዓንቀጽ 52 (2)(ሐ)፣ ክልላዊ መንግስትታት "ናይ ክልለን ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊን ልምዓትን ፖሊሲ፣ ስትራተጂን ትልሚን የውፅኣ" ዝብል ንክልላት ዝተውሃበ ስልጣን ተጠቒሙ መንግስቲ ትግራይ ናይ ትግራይ ነባራዊ ኩነታተንን ፀጋታተንን ናይ ባዕለን ቁጠባዊ ፖሊሲ፣ ተፈጥሮኣዊን ሰብ-ስራሕን ሃፍተ-ገነተን ፣ ሓይሊ ሰበን ኣብ ግምት ዘእተወ ልምዓታዊ ፖሊሲ፣ ከምኡ እውን መንነታዊ ቀፃልነተን ናይ ምርግጋፅ ናይ ባዕላ ማሕበራዊ ፖሊሲ ኣብ ፕሮግራሙ ዘስፈረ እንትኸውን ኣብ ትግራይ መረጻ ስዒሩ መንግስታዊ ስልጣን እንትሕዝ ድማ ሽኻሉ ኣብ ትግራይ ዝገበረ ናይ ቁጠባ፣ ማሕበራዊን ልምዓታዊን ፕሮግራሙ ንምትግባር ብሶሻል ዱሞክራሲ ድንፍዕቲ ዝወፀሎም ንትግራይ ዝጥምቱ ፖሊሲታትን ስትራተጂታትን ከፈፀም እዩ፡፡
    - ○ ብመሰረት ዓንቀጽ 51 ንኡስ ቁጽሪ 4 ናይ ወጻኢ ኢንቨስትመንት ፖሊሲን ስትራቴጂን ዘውጽእን ዘፈጽምን ናይ ፌደራል መንግስቲ ምኻኑ ዘመላኻት ድንጋገ ክልላት ናይ ባዕለን ሃፍተ-ገነት መሰረት ገይረን ናይ ኢንቨስትመንት ፖሊሲ ከየውጽኣ ዓብይ ዕንቅፋትን ዝመጹ ናይ ወጻኢ ኢንቨስትመንታት ፈቒደ ዘሕልፍን ምምርሒ ዝውህብን ፌደራል መንግስቲ ከኸውን ዝገብር፣ ክልላት ምስ ናይ ወጻኢ ኢንቨስተራት ዝገብረኦ ናይ ኢንቨስትመንት ዝርርብ

ፌደራል መንግስቲ ኣፍልጦ ሂቡ ክቆጻጸሮ ዝገብር፣ ፀረ ዓርሰ-ምሕደራን ፀረ ዓርሰ-ምርኮሳን ብምኻኑ ንክልላት ስልጣን ብዝህብ መልክዕ ክመሓየሹ ከገብር ዩ እዩ።

- ምቁፅፃርን ምምሕዳርን ዓበይቲ መሰረተ-ልምዓታት ብዝምልከት ብመሰረት ዓንቀጽ 51 ንኡስ ቁጽሪ 9 ናይ ባቡር፣ ኣየር፣ ባሕሪ፣ ፖስታ፣ ናይ ስልክን ኢንተርኔትን (ቴሌኮሚኒኬሽን) ኣገልግሎታት፣ ኣብ ሞንጎ ክልላት ዘለዉ መንገድታት ፌደራል መንግስቲ የስፋሕፍሕ፣ የመሓድርን ይቆጻጸርን ዝብል ክልላት ባዕለን ንዝም ዓበይቲ መሰረታት ልምዓት ከስፋሕፍሓ ፣ ከመሓድራ፣ ክቆፃፀራን ከም ዝኽእላ ብዘመላኽት መልክዕ ተገይሩ ክመሓየሽ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- ምምሕዳርን ምምራሕን ተፈጥሮኣዊ ሃፍቲታትን ክልላዊ ርክባትን ብዝምልከት ኣብ ዓንቀጽ 51 ቁጽሪ 11፣ "ኣጠቓቕማ ክልተ ወይ ካብ ክልተ ንላዕሊ ዝኾኑ ክልላት ዝተኣሳሰሩ ድንበር ተሳገሪ ቓላያትን ሩባታትን ብዝምልከት ዝውስንን ዝቆጻጸርን ፌዳራል መንግስቲ እዩ" ዝብል ድንጋገ ክልላት ባዕለን ተስማዕሚዖን ዝውስናሉን ዝሰርሓሉን ኩነታት ከም ዝኽእላ ብዘመላኽት ድንጋገ መልክዕ ተገይሩ ክመሓየሽ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- ኣብ ዓንቀጽ 51 ቁጽሪ 12፣ ኣብ ሞንጎ ክልላት ክህሉ ዝኽእል ንግዳዊ ርክባት ዝመርሕን ዝቆጻጸርን ፌደራል መንግስቲ እዩ ዝብል ድንጋገ ናይ ክልላት ነጻነት ምጥህብባር ብዝፈቅድ መልክዑ ክመሓየሽ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- ዝተፈላለዩ ሕግታት ናይ ምውፃእ ስልጣን ብዝምልከት ሕገ-መንግስቲ ዓንቀፅ 51(15) ን 55(2)መ) ክልላዊ መረፃ ዝምረሐሉ ናይ መረፃ ሕጊ ክልላት ባዕለን ብዝውስንኦ መሰረት ናይ ምውፃእ ስልጣን ክወሃበን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- ኣብ ዓንቀጽ 51 ቁጽሪ 3፣ ናይ ዓንቀፅ 51(19) ን 55(2)ሰ)ን ትምህርቲ፣ ናይ ጥዕና፣ ናይ ባህላዊ ቅርስታት ናይ ሳይንስ ወዘተ መለክዕታት ዘውጽእን ዘፈጽምን ሓደሽቲ ፈጠራታትን ተዛመድቲ ጉዳያትን ኣፍልጦ ዝህብን ፌደራል መንግስቲ ዩ ዝብል ክልላት ባዕለን ከከም ኣንፈት ትኹረተን ኣብ ክልለን ዝፍጸም ሕጊ ከውጻኣ ስልጣን ክወሃበን ክወሃበን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- ብክልል መንግስቲ ዝስርሑ ናይ ባቡር፣ ኣየር፣ ባሕሪ፣ ፖስታ፣ ቴለኮሚኒኬሽን ኣገልግሎታት ዝምልከቱ ሕጊታት ብክልላት ክወፅእ ይግባእ፡፡ ብምኻኑ ውን ሕገ-መንግስቲ ዓንቀፅ 51(9) ን 55(2)ሐ)ን ክመሓየሹ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- ናይ ኣሰራሕን ሰራሕተኛን ጉዳያት ዝምልከት ክልላት ከከም ነባራዊ ፀባይ ኣየረን፣ ብቕዓትን በዝሒን ሓይሊ ሰበንን፣ ካፒታለንን ኣብ ግምት ኣእትየን ባዕለን ሕጊ ከውጻኣ ተገይሩ ዓንቀፅ 55(3) ክመሓየሽ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- መሬትን ተፈጥሮ ሃፍትን ዝምልከቱ ሕግታት ክልላት ባዕለን ከውፅኣ ይግበኣን፡፡ ብዙዕባ መሬተንን ተፈጥሮኣዊ ሃፍተንን ዝውስናን ዘመሓድራን ሰብ ዋና ዝኾና ክልላት ክኾና ብዝኽእል መልክዑ ዓንቀፅ 51(5) ን 55(2)ሀ)ን ክመሓየሹ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- ናይ ባህልን ታሪኹዊ ቅርስታት ኣጠቓቕማን ሓለዋን ኣመልኪቱ ፌደራል መንግስቲ ሕጊ የውጽእ ዝብል ዓንቀፅ 51(5) ክልላት ባዕለን ዘለዉወን ታሪኻዊ ቅርስታትን ቦታታትን ከመሓድራን ብዝኽእል መሰረት ክመሓየሽ ክሰርሕ እዩ።

- ክልላት ኣብ ዝመስረተኦምን ዝመርሐኦምን ናይ ባቡር፣ ኣየር፣ ባሕርን ትራንስፖርት ዝርከብ ግብሪ ክልላት ክውስናን ብዝኽእል መልክዕ ዓንቀፅ 96(5) ክመሓየሽ መሰረት ክመሓየሽ ክሰርሕ እዩ።
- ናይ ኩባንያታት ትርፊ ግብርን፣ ናይ ኣክስዮን ትርፊ ብፅሒትን ግብርታት ኩሎም ናይ ፌደራልን ክልልን ሓበራዊ ስልጣንን ምኻኑ ተሪፉ ኣብ ዝተመስረትሉ ክልል ክውሰንን ክእከብን ብዝኽእል መልክዕ ስለዘይ ዓንቀፅ 98(2) ክመሓየሽ ክሰርሕ እዩ።
- ዓበይቲ ናይ መኣድን ዕደና፣ ፔትሮልየምን ስራሕቲ ዝርከቡ ኣታዊ ግብርን ሮያሊቲን ነቲ ዝርከበሉ ክልል ክኽፈል ብዝኽእል መልክዑ ዓንቀፅ 98(3) ክመሓየሽ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- ክልላት ናይ ባዕለን ናይ ግብሪ ኣማራፂታት ( tax base) ከየስፈሓን ከይእልሻን ዝገበር ኣሳሪ ዓንቀፅ 99 ክመሓየሽ ክመሓየሽ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- ክልላት ብዚዕባ ክልለን ዝምልከት ክልላዊ መረፃ ዘፈፅም መረፃ ቦርድ ከጣይሻ እናተገበአ፣ ብብርኪ ፌደራል ዝተጣየሸ መረጻ ቦርድ ከፈፅመለን ብምግዳድ ዓርሰን ናይ ምምሕዳርን ምውሳንን መሰረታዊ መሰለን ኣፃቢብዎ ይርከብ፡፡ ስለዘይ ናይ ክልላት መረጻ ብፌደራል መረፃ ቦርድ ይፍፀም ዝብል ዓንቀፅ 102(1) ክመሓየሽ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።

**ቀ. ፀጥታን ደሕንነትን ትግራይ ምሕላው ዝምልከት**

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ዘላቒ ሰላምን ልምዓትን ዘረጋገፅ፣ ግዝኣታዊ/ዶባዊ ሓድነት፣ ፀጥታ፣ ክብርን መንነትን ዝሕሉ፣ ሰብኣዊ መሰላት ዘኽብርን ከኽበሩ ዝነጥፍን ናይ ፀጥታን ትካልን መሓውርን ምጥያሽን ምድንፋዕን መንግስታዊ ዘላቕነትን ህዛታዊ ውሕስናን ኣብ ምትኻጽ ዘለዎ ግደ ብዕቱብ ይርዳእ እዩ። ብምኻኑ ድማ፣

- ✓ ትግራይ ናብ ዕብየት፣ ልምዓትን ምዕባለን ክትግስግስ እንተኾይና ኣብዚ ተኺሳሒ ዞባን ሃገርን ሰላምን ፀጥታን ህዝቢ ትግራይ ዘውሕሱ ጥንኩራትን ዘበናዊ ተክኖሎጂ ዝተዓጠቑ ናይ ፀጥታት ትካላት ክህነጹ ክገብር እዩ።
- ✓ ካብዚ ብተወሳኺ ሓደጋታት ቅድሚ ምብፅሖም ኣፅኒዑን ተንቲኑን ብምእማት ስጉምቲ ዝወስድ ክኸውን ኣለዎ። እንተጋጢሞም እውን ብውሕድ ኪሳራ ዝምክት ሓይሊ ፀጥታ ከህነፅ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኪቃለስ ክሰርሕ እዩ።
- ✓ ኣብ ትግራይ ሕገ መንግስታዊ ጥሕሰት ከይፍፀም፣ ሉኣዉነትን ትግራይ ከይጥሓስን ዝከላኸል፣ ተፈጥራዊ ሓደጋታት እንተጋጥሙ ብቐረባ ተረኺቡ ዝሕግዝን ናይ ፀጥታ ሓይሊ ክጣየሽ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።
- ✓ ነዚ ዘኽእሎ ብሄራዊ ስነልቦናን ረብሓን፣ ሞራላዊ፣ ሓበሬታዊ፣ ቴክኖሎጂካውን ንዋታውን ዕጥቂ ክውንን ድማ ብዕቱብ ክሰራሕ እዩ።
- ✓ ኣባላት ሓይሊ ፀጥታተን ደሕንነትን ትግራይ ካብ ፖለቲካዊ ወገናዊነት ናፃ ኮይኖም ክሰርሑ ክግበር እዩ።
- ✓ ኣባላት ሓይሊ ፀጥታን ደሕንነትን ትግራይ ኣብ ተልእኾ እናሃለው ናይ ምምራፅን ካብ ስርሖም ምስ ለቐቑ ድማ ዝመርፅሉ መሰል ኣለዎም።
- ✓ ኣብ ብሄራዊ ተልእኾ ዘገልገሉ ሓርበኛታት ግቡእ ክብሪ ክወሃቦም እዩ። ብዕድመ፣ ብኣካላዊ ጉድኣት ኾነ ብኻሊእ ዘይተገለፀ ምኽንያት ብኽብሪ ካብ ስራሕቲ ፀጥታ ዝተሰናበቱ ክብ ዝበለ ብሄራዊ ጥቕምታት፣ ሽልማትን ክብርታትን ክህልዎም ዝገብር መስርሕ ክዝርጋሕ እዩ።

- ✓ ብፍቓድ ብወለንታን ድሌትን ብዘይምንም ዓይነት ኣፈላላይ ኩሉ ትግራዋይ ኣብ ድሕነትን፣ ፀጥታን ህንፀት ሰላምን ትግራይ ክሳተፍን ክዋሳእን ሞራላውን፣ ታሪኻዊን፣ ህዝባዊን ግድታ ኣለዎ። ብጉልበት፣ ብናውቲ፣ ብፍልጠት ወዘተ እውን ክሳተፍ ሙሉእ መሰል ኣለዎ።
- ✓ ሕገ መንግስቲን ካልኦት ሕጊታትን ተኸቲሉ ሰብኣዊን ዲሞክራስያዊን መሰላት ህዝቢ ትግራይ ክኽበሩ ይገብር፣ ንባዕሉ እውን የኽብር። ካብ ሕጊ ወፃኢ ኣብ ልዕሊ ዝጋታት ጥፍኣት ዝፈፀመ ናይ ፀጥታ ኣካል ብሕጊ ተሓታቲ ይኸውን ካብ ሕጊ ወፃኢ ክንቀሳቐስን ናይ ባዕሉ ይኹን ናይ ዝኾነ ካልእ ፖሊቲካዊ ውድብ ኣጀንዳ ክፈፅም ኣይፍቀደሉን። ሕገ መንግስቲን ካልኦት ሕጊታትን ትግራይ ተኸቲሉ ጥራሕ ክሰርሕ ክግበር እዩ። ካብዚ ወፃኢ ዝኸይድ ብሕጊ ይሕተት።

## ቐ. ጉዳይ ኤርትራ

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኤርትራ ከም ሃገር ጎረቤት ሃገር መጠን ጥራይ እንተይኾነስ ኣብ ሕሉፍ ዘለዉ ሓበራዊ ታሪኻው፣ ባህላዊን መንነታውን ምትእስሳራትን መጻኢ ሓበራዊ ዕድላትን ህዝቢ ኤርትራን ትግራይን ኣብ ግምት ብምእታው ፍሉይ ጠመተ የድልያ ኢሉ ይኣምን።

- ✓ ኤርትራ ኣብ ትግራይ ረብሓ ከምዘለዋ ኩሉ ትግራይ እውን ኣብ ኤርትራ ረብሓ ኣለዋ። ብምኻኑ ድማ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሓበራዊ ዘላቒ ረብሓታት ህዝብታት ትግራይን ኤርትራን ተረዲኦም ምስ ዝንቀሳቀሱ ዲሞክራሲያዊ ውድባትን ሓይልታትን ኤርትራ ሓቢሩ ክሰርሕ እዩ።
- ✓ ኣብ ሞንጎ ህዝብታት ትግራይን ኤርትራን ዘሎን ንነዊሕ ግዜ ዝጸንሐን መንነታዊ፣ ማሕበራዊ፣ ኢኮኖሚያዊ፣ ጂኦ-ፖለቲካውን ፀጥታውን ረብሓታት ንክልቲኦም ህዝብታት ስትራቴጂካዊ ስለዝኾኑ ርክብ ህዝቢ ኤርትራን ትግራይን ስጡም ዝኾነሉ ኩነታት ክፍጠር ሳልሳይ ወያነ ትግራይ  ክሰርሓሉ እዩ።
- ✓ ኤርትራ ብወገን ትግራይ ገፊሕ ዶብ ትዋሰን ምኺናን ንፀጥታን ኢኮኖሚን ታሪኽን ትግራይ ወሳኒ ዝኾነ ቐይሕ ባሕሪ ስለዝተውንን ሳልሳይ ወያነ ሓበራዊ ተጠቃምነትን ምዕባለን ንምውሓስ ጉዳይ ርክብ ህዝቢ ትግራይን ኤርትራን ብዓብይ ጠመተ ክሰርሓሉ እዩ።
- ✓ ነዚኦም ዘደንፍዑ ሓበራዊ ትካላት ክህልዎ ክሰራሕ እዩ። ኣብ ሞንጎ ኤርትራን ትግራይ ዘሎ ዶብ ምንቅስቓስ ክልቲኦም ህዝብታት ናብ ዘይግድበሉ ብርኪ ክበፅሕ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክቃለስ እዩ።

## 4.2. ዝርዝር ኢኮኖሚያዊ ናይ ፖሊሲ ትግባራት

### 4.2.1. ስትራቴጂ ኢኮኖሚያዊ ዕቤት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ዝኽተሎ ስትራተጂ ኢኮኖሚያዊ ዕቤት ኣብ ትግራይ ናይ ፖሊሲ ናፅነት ዝዓሰሎ፣ ቅልጡፍን ቐፃልነት ዘለዎ፣ ዝተረጋገፀን ኢኮኖሚዊ ዕብየትን ምዕባለን ምርግጋፅን ማሕበራዊ ፍትሒ ዘስፈነን ልምዓት ምድንፋዕን  ዕላማ መሰረት ዝገበረ እዩ። ምስዚይ ተተሓሒዙ ድማ፣

- ➢ ኩሎም ዓውዲታት ዘሳትፍ ፈለግ ዝተመጣጠነ ዕብየት ኢኮኖሚ ይድግፍን ንምግሃድ ተመጋጋባይን ዝተመጣጠነ ቁጠባዊ ዕቤት ክሰርሕ እዩ።

- ጭቡጥ ሃፈተ ገነትን ፀጋታትን ትግራይ ኣብ ግምት ብምእታው ቀመር ማክሮ-ኢኮኖሚያዊን ስርዓት ፋይናንስን ብብርኪ ትግራይ ይዳሎ። እዚ መሰረት ብምግባር፣ ብፅንዓት ተሓጊዙ ትግራይ ኣብ ዘመናዊ ሕርሻ (መስኖ፣ ልምዓት ሃፍቲ ተፈጥሮ፣ ምርባሕ እንስሳ፣ ልምዓት ምግቢ እንሳሰ፣ ወዘተ)፣ ልምዓት ማዕድን፣ ኢንዱስትሪን ማኑፋክቼሪንግን፣ ልምዓት ሳይንስን ቴክኖሎጂ፣ ልምዓት ግልጋሎት (ቱሪዝም፣ ባንኪ፣ ፋይናንስን ኢንሹራንስን፣ ወዘተ)፣ ዝተፈላለዩ ዘመናዊ ህንፀት መንበሪ ኣበይትን ዝምልከቱ ፖሊሲታትን ስትራቴጂታትተ ክሰርሕ እዩ ።
- ናይ ትግራይ ጭቡጥ ኩነታት ኣብ ግምት ዘእተወ ናፃ ዕዳጋ ዝገንሖ ስርዓተ ኢኮኖሚ ክሃንጽ እዩ።
- መንግስቲ ቀዳምነት ኣብ ዝህቦም ዘፈራት ሃፍቶም ዘዋፍሩ ሰብ ሃፍቲ ብፍሉይ የተባብዕ። መንግስቲ ሕጊ ናፃ ዕዳጋ ከይተዳፍአ ኣብ ኣድለይቲ ዝበሃሉ ዘፈራት ሃፍቲ ኣዋፊሩ ምህርቲ ከፍሪ ወይ ግልጋሎት ከቕርብ ይኽእል እዩ። መንግስቲ ጥራይ ዝነጥፈሎም (ዝዋፈረሎም) ተባሂሎም ዝውሰኑ ዘፈራት ኣይህልውን።
- ዋንነቶም ናይ ደገ ሰብ ሃፍቲ ዝተትሓዘን ሓደሽቲ ሰብ ሃፍትን ኣብ ትግራይ ሃፍቶም ከዋፍሩ ክተባብዑ እዮም። ምስ ሰብ ሃፍቲ ትግራይ ወይ መንግስቲ ብሓባር ክዋፈሩ ዝደልዩ ቐዳምነት ይወሃቦም።
- ተጋሩ ንብረት ከጥርዩ፣ ከውንኑን ንንብረቶም እኹል ሓላዋ ክግበረሉን ንሰርሕ። ኮይኑ ግና መንግስቲ ንረብሓ ህዝቢ ከውዕሎ ተሓሲቡ ናይቲ እዋን ዕዳጋ ግምት ዘእተወ ካሕሳ ክኽፈሎም ይግበር።
- ኣብ ትግራይ ዝጣየሻ ውልቃዊ ይኹን መንግስታዊ ትካት ናይ ምውድዳር ዓቕመን ዘደንፍዕ መንግስታዊ መሓውር (ፐብሊክ ስርቪስ) ክህነፅ እዩ።
- ህዝብና ኢኮኖሚያዊ ተሳትፎኡ ንክደንፍዕ፣ መፍራይነቱ ክብ ንክብልን ባህሊ ምዕቋር ንኽዓብን ኹለመዳይ ዕላማታት ዝተሓንገጣ ሕብረት ስራሕ ማሕበራት ካብ ገጠር ክሳብ ኸተማ ምጥያሽ።

## 4.2.2. ልምዓት ገጸር

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ዝኽተሎ ውሕስና ምግቢ ዘረጋገፀ፣ ዘበናዊ ቴክኖሎጂን ሜላ ማሕረስን ተጠቒሙ ትርፊ ምህርቲ ዘፍሪ፣ ናብርኡ ምስ ኩሎም ዓውዲታት ኢኮኖሚ ዘተኣሳሰረ፣ ኣብ ምርምርን ምህዞን ዝተመስረተ ኢኮኖሚ፣ ኣብ ፅሩያት፣ ሃፍታማትን መንነተን ዝሓለዋን ቑሸታትን ገጠር ከተማታት ተጠርኒፉ ዝነብር፣ ክልላዊ፣ ሃገራውን ዓለማውን ኹነታት ዝርዳእ ማሕበረሰብ ትግራይ ምፍጣር ዓብይ ዕላማ ልምዓት ሕርሻን መነባብሮ ኣብ ገጸር ዝነብር ህዝብና ጌይሩ ይለዓል። ምስዞይ ተተሓሒዞ ድማ፣

- ሕርሻ ካብ ድሑር ኣተሓራርሳ ወፂኡ ብቴክኖሎጂ፣ ዘመናዊ ድኹዕን፣ ዝሰልጠነ ሰብ ሓይሊ ቴክኒካዊ ደገፍ ብመጠንን ብግዘን ክብ ኢሉ ንዕዳጋን ንኢንዱስትሪን ትርፊ ምህርቲ ዘቕበሉ ብርኪ ክበፅሕ ክሰርሕ እዩ።
- ብፅንዓትን ምርምርን ዝተሓገዘ ሕርሻዊ ሰርዓት ብምትኻል ቐረብ ማይ፣ ፋይናንስ ቴክኖሎጂን ምትእስሳር ዕዳጋን ብምውሓስ ዓውዲ ሕርሻ ምዝማን። ዝኾነ እታወታት፣ ቴክኖሎጅን ምሩፅ ዘርእን ዓሌቱን ፅዕንቶኡን ብምርምር ሕርሻ ትግራይ ተረጋጊፁ ተግባራዊ ክኸውን ክሰርሕ እዩ።
- ሰፊሕ መካናይዝሽን ሕርሻን ምትእትታውን ንዓውዲ ሕርሻ ዝድግፍ ኣቕርቦት ፋይናንስ ንክህልው ምግባር። ሰብ ሃፋቲ ኣብ ልምዓት መካናይዝሽን ሕርሻ ክሳተፉ ከተባብዕ እዩ።
- ልምዓት መስኖ ብምግፋሕ ሕርሻ ካብ ፅግዕተኝነት ዝናብ ክናገፍ ንምግባር ክሰርሕ እዩ።

- ንሃፍቲ እንስሳ፣ ኣሕምልትን፣ ፍራምረን ጠመተ ሂብካ ፍርያቶም ናብ ዝሐሸ ብርኪ ክብ ክብል ብምድጋፍ ከተባብዕ እዩ።
- ኣብ ሕርሻ ዝተዋፈረ ሓረስታይ ጥዕንኡ ንክህሉን ኣፍራያይ ንክኾንን ንሰብን እንስሳን ቀረብ ማይ ምርግጋፅ። ሓረስታይ ናይ መሬት ትሕዝቶን ኣብ መሬቱ ዝወሰኾ ልምዓትን ብሕጊ ክረጋገፁሉ ንምግባር ክሰርሕ እዩ። በዚ ኣቢሉ ድማሃፍቲ ተፈጥሮን ሕዛእቲ/ደኒን ከይግሃስ ሓለዋን ዳግመ ግረባን ንምጥንኻር ክሰርሕ እዩ።
- ሰፊሕ ስራሕ ዕድል ዝፈጥር፣ ንኢንዱስትሪ ጥረ ኣቕሓ ዘቕርብ፤ ከተመታይ ዝቕልብ፣ ሸርፊ ወፃኢ ዘምፅእ ብሓፈሻኡ መሓውራዊ ለውጢ ንምምፃእ ዘኽእል ዓውዲ ሕርሻ ኣብ ሓፂር እዋን ንምፍጣር ክሰርሕ እዩ።
- ናይ ገጠር ቱሪዝም ዘደንፋዓን ናብራአን ምስዚ ዓውዲ ዘተኣሳሰራን ከተማታት ምፍጣር። ባህለንን መንነትን ዝሓለዋን ዘማዕብላን ሓምለዎት ቁሸታትን ናይ ገጠር ከተማታትን ምፍጣር። ንሕድሕድ ዓውዲ ዘደንፍዓን ብመሰረት ሃፍተ ገነት ሕድሕድ ኸባብን ማእኸል ምርምራት ምህዞታትን ኣብ ገጠር ከተማታት ንምጥያሽ ክሰርሕ እዩ።
- ሓደሽቲ ናይ ገጠር ቑሸታት (መጠሻታት) ንልምዓትን ቀረብ ግልጋሎትን በዝጥዕም መልኪዑ ኡክባት ክኾና ክስራሕ እዩ።
- ምሕዋይ ሃፍቲ ተፈጥሮን ዳግመ ግረባን ብዘበናዊ መሳርሒ ክሕገዝ ብምግባር ኢኮኖሚያዊ ተረባሒነት ብዘደንፍዕ መልኪዑ ክስርሐሉ እዩ።
- ተምሃሮ ብክረምታዊ ወፍሪ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ዘልምዕሉን ምስ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ትግራይ ናብራ ሕብረተሰብ ዝፈልጥሉን ብሄራዊ ግቡ ኦምን ወለዶ ኣዊ ሓላፍነቶም ብግብሪ ዝመሃርሉ መስርሕ ክዝርጋሕ እዩ።
- ልምዓት ኅቦታት፣ እምባታት ዘደንፍዕ ፖሊሲ ልምዓት ከተኣታቲ እዩ።
- ስርዓት ምግብና ዘደንፈው ዝራእቲ ከተኣታተው ክሰርሕ እዩ።

### 4.2.3. ኢንዱስትራላዊ ዕቤትን ልምዓትን

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ልምዓት ኢንዱስትሪ ብዘበናዊ ቴክኖለጂ ዝተሓገዘ፣ ናይ ዓዲ (ዘቤታዊ) ፍልጠትን ቴክኖሎጂን ኣደንፊዑ ናይ ኢኮኖሚ መሓውራዊ ለውጢ ዘብስር ኢንዱስትሪ ምህናፅ ዓብይ ዕላማ ስትራቴጂካዊ ዕቤት እዩ።

- ንሃፍተ ገነት፣ ሓይሊ ሰብ፣ ቴክኖሎጂካዊ ለውጢታትን መሰረት ዝገበርን ከባብያዊ ፀጋታትን ትግራይ ዘየብርስን ዓውዲ ኢንዱስትሪ ንምፍጣር ።
- ሕርሻን ኢንደስትርን ዘተኣሳስር ዘመናዊ ዓውዲ ሕርሻዊ ኢንዱስትሪ ንምህናፅ ክሰርሕ እዩ።
- ሃገራዊ ሰብ ሃፍቲ ተወዲቦም ምስ መንግስቲ ወይ ምስ ናይ ደገ ሰብ ሃፍቲ ብምሕዝና ኣብ ዘፈር ኢንዱስትሪ ክዋፈሩ ከተባብዕ እዩ።
- ኢንዱስትሪ ምስ ኹሉ ዘፈር ኢኮኖሚ ክተኣሳሰርን ከነቓቕሕን ኣድላይ ዝኾነ ኣወዳድባን ኣሰራርሓን ይዝርጋሕ
- ኣብ ኢንዱስትሪ ክዋፈሩ ዝደልዩ ሓዱሽ ምህዞን ፈጠራን ዘተኣታትው ጀመርቲ ተጋሩ ይትባብዑ፣ ኣድላይ ናይ ገንዘብን ቴክኒክን ሓገዝ ክግበረሎም ክስራሕ እዩ።
- ምስ ሕርሻ ዝተኣሳሰሩ ኣናእሽትን ማእኸለዎትን መፍረይቲ ፍሉይ ጠመተን ደገፍን ክግበረሎም ክስራሕ እዩ።
- ኣብ ዘፈር ኢንዱስትሪ ዝዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ኣብ ሃፍቲ ተፈጥሮን ሰብን ሳዕቤን ከየብፅሑ ኣድላይ ቑፅፅር ክግበር እዩ።

- ኣብ ልምዓት ኢንዱስትሪ ዝሳተፉ ሰብ ሃፍቲ ኣቕርቦት ልቓሕን ሽርፊ ወፃእን ብቕልጡፍ ክረኽብሉ ዝኽእሉ ኣሰራርሓ ንምዝርጋሕ ክስራሕ እዩ።
- ዋንነት ትእምት ብዝምልከት ሙሉእ ብሙሉእ ናብ መንግስቲ ትግራይ ክዘዋወር ብምግባር ኦዲት ተገይሩ ናይ መንግስቲ ትካላት (Public enterprises) ክኾና ክግበር እዩ። ኣብ ከይዲ ድማ ህዝቢን ሰብ ሃፍትን ብኽፋል ዘሳትፍ ኣሳታፊይ ናይ ሽርክናን ናይ ሓበራዊ ወፍሪ (Joint Venture) መልክዕ ተሳትፎ ኢንቨስትመንት ብምትእትታው ዓውደ ኢንዱስትሪ ክግበር ብምግባር ናይ መንግስትን ናይ ውልቀ ሰብ ሃብትን ዘሳትፍ ኢንዱስትሪ ናይ ምጥንኻር ስራሕቲ ክግበር እዩ።

### 4.2.4. ልምዓት ከተማ

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ልምዓት ብትልሚ ዝመርሕን ዘበናዊ መሰረተ ልምዓት ዝተዘርግሐሉን ቀረብ ማይን ካልኦት ግልጋሎታትን ብምፅፋፍ ንነበርቲ ምቹዋት ዝኾናን ልምዓት ዘቀላጥፉ፣ ማሕበራዊ ርግኣትን ሰላምን ዝዓሰለን፣ ክብሪ፣ ታሪኽን ባህልን ስነ ህንፃ ትግራይ ዘንፀባርቓ ከተማታት ትግራይ ምፍጣር ክሰርሕ እዩ። እዚ ድማራትግራይ ብመሰረተ ሃፈተ ገነተን ናይ ኢንዱስትሪ፣ ቴክኖሎጂ፣ ቱሪዝም፣ ሕርሻ፣ ፋይናንስን ግልጋሎትን ከተማታት ክህልውኣ፣ ብትልሚ ዝምርሓ፣ እኹል ቀረብ ማይን ሓፈሻዊ ግልጋሎታን ዝተማልአለን ንንቑፅን ፈሳስን ጓሓፉት መእለይ ስርዓት ዝተዘርግሸለን ንነበርቲ ምቹዋት ዝኾና ከተማማት ምፍጣርን የጠቓልል።

ምስ ልምዓት ካባይቲ ከተማ ተተሓሒዙ ናይ ባዕለን ፍሉየነት ዘለወን፣ ባህሊ፣ መንነትን ስነ ህንፃ ትግራዋይነት ዝኽተላ ከተማታት ምህናፅ ኣብ ፅንዓትን ትልምን ዝተደረኸ ንመንበርን ንትካላትን ዝኾን ቀረብ መሬት ምርግጋፅ፣ እኹልን ፅሩይን ዝስተን ንግልጋሎት ኢንዱስትርን ካልኦት ንጥፈታትን ቀረብ ማይ ምድንፋዕን ክስራሓሎም እዩ። ምስ ምርግጋጽሓምለዋይ ልምዓት ከተማታት ተተሓሒዙ ሓምለዎት፣ ናይ ህፃናት፣ መናእሰይን ሰብ ፀጋ ዕድመን መዘናግዒ ፓርክታትን ዘለዎን ከተማታት ንምፍጣርን ኣብ ከተማታት ስነ ጥበብን ኢደ ጥብብን ምድላውን ምልማዕን ክስራሓሎም እዩ። መንግስቲ መንበሪ ኣባይቲ ብምህናፅ ብተመጣጣኒ ዋጋን ብነዊሕ ኣከፋፍላን ንሕ/ሰብ ከቕርብ ክሰርሕ እዩ።

ኣብ ከተማታት ቅልጡፍ ግልጋሎት ዝህቡ መገድታት ምህናፅ፣ ዘመናዊ፣ ተበፃሒ፣ ቅልጡፍን ግልጋሎት ትራንስፖርት ምዝርጋሕ፣ ኣብዚ ዘፈር ዝዋፈሩ ሰብ ሃፍቲ ምትብባዕ ዘጠቓለለ ስራሕቲ ክስራሕ እዩ። ብተወሳኺ ካብ ገበን፣ ወልፍን ንግዲ ዕፃትን ናፃ ዝኾና ከተማታት ምፍጣር። ማሕበራዊ ኣፈላላይ ዝፈጥሩ ፍሉያት ከተማታት ወይ ሰፈራት ከይህሉ መንግስቲ ጠመቲ ገይሩ ክሰርሕ እዩ።

### 4.2.5. ዘፈር ንግድን ፋይናንስን

- ኣብ ሞንጎ ቀረብ ንግዲ ወይ ግልጋሎትን ተጠቀምትን ሓባራዊ ረብሓ ዘረጋግፅ ሚዛኑ ዝሓለዎ ርክብ ክሰፍን ወይ ሚዛኑ ዝሓለየ ቀረብን ድልየትን ንምርግጋፅ ክስራሕ እዩ።
- ኣብ ትግራይ ኣብ ንግድን ግልጋሎትን ዝነጥፉ ትካላት ዘበናዊ፣ ብቴክኖሎጂ ዝተሓገዘ ቅልጡፍን ፅፉፍን ኣሰራርሓ ብምትእትታይ ተወዳዳራይነቶም ከደፍንፈውን ንተግልገልቲ ፅርየቱ ዝሓለየ ግልጋሎት ከቕርቡን ንምግባር ክስራሕ እዩ።

- ኣብ ባንኪ፣ ኢንሹራንስን ፋይናንስን ሃፍቲ ዘዋፍሩ ትካላት ይተባብዑ፣ ይሕገዙ። ትግራይ ወናኒት ዘበናዊ መዃዓዝያ ክትኾን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክቃለስ እዩ።
- ኣብ ትግራይ ቀረብን ግልጋሎትን ባንኪ፣ ኢንሹራንስ ፋይናንስን ካልኡት ምስ ውሽጢ ዓዲ፣ ሰደድን ኣታውን ንግዲታት፣ ምፍራይን ምስኦም ዝተተሓሓዙ ሕግታትን ኣብ ትግራይ ክጣየሹን ክለምዑን ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክቃለስ፣ ክሰርሕ እዩ።
- ኣብ ከተማታት ዝጣየሻ ማእኸላት ንግዲ ንምድንፋዕ ብዘመናዊ ኣሰራሓን ቴክኖሎጂን ዝተሓገዘ ናይ ሓበሬታን መረዳእታን ምትእስሳር ሓገዝ ዘሳልጥ ደገፍ ክግበር ኢእዩ። ብፅንዓትን ምርምርን ዝተደገፈ ዓውዲ ንግድን ግልጋሎትን ክህሉ ክሰርሕ እዩ።

### 4.2.6. ግብሪ

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ግብሪ ናይ ምእካብ ስልጣና ብምግፋሕን ግብሪ ምኽፋል ባህሉ ዝገበረን ዝግብኦ ግብሪ ዝኸፍልን ማሕበረሰብን ብምድንፋዕ ኣብ ውሽጣዊ ሃፍቲ ዝተመስረተ ኢኮኖሚን ብምፍጣር ዓርሰ ምርኮሳ ትግራይ ንምርግጋፅ ወሳኒ ስለዝኾነ ዝእከብ ግብሪ ኣካል ምፍጣር ልምዕትም ተንክርትን ትግራይ ናይ ምፍጣር ቁልፊ ቁጠባዊ እታወ ገይሩ ይወስዶ። ብምኻኑ ድማ ነዚ ዝምትግባር እዞም ዝስዕቡ ወሰንቲ ናይ ግብሪ ፖሊሲ ተግባራት ከተግብር እዩ።

- ምስ እቶት እናወሰኸ ዝኸይድ (ፕሮግረሲቭ) ሰርዓት ግብሪ ብምትእትታው ሰብ ከከም እቶት ክኸፍል ዘኽእል መስርሕ ኣተኣኻኽባ ግብሪ ክዝርጋሕ ክገብር እዩ።
- ግልፅን ትኣማንን ዝኾነ ናይ ግብሪ ሕጊ ከተኣታትው እዩ።
- ዘበናውን ተበፃሕን ሰርዓት ኣከፋፍላ ግብሪ ምትእታው።
- ካብ ሃፍቲ ማእድን ዝርከብ እቶት ሮያሊቲ ግብሪ ካብ ዘለዎ ትሑት መጠን ክብ ክብል ክግበር ክሰርሕ እዩ።
- ትግራይ እቶት ግብሪ ንምድንፋዕ ዘኽእል ስልጣን ንክህልዋ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ይቃለስ። ነዚ ዘዐንቅፉ ሕግታት ክዕረዩ ክቃለስ እዩ።
- ትግራይ ካብ ፍርያትን እቶትን ተጋሩ ሰብ ሃፍቲን ተረባሒት ንክትኾን ኣብ ዝኾነ ክፍለ ዓለም ዘዋፍርዎ ሃፍትን ዘጣይሽዎ ትካልን ዋና ቤት ፅሕፈቱ ኣብ ትግራይ ንክገብሩ ከበረታትዕ እዩ።
- ጀመርቲ (ሓደሽቲ) ሰብ ሃፍቲ ንምትብባዕ ካብ ካብ ግብሪ ምኽፋል ናፃ ክኾኑ ዝኽእሉሉ ዕድል ዝፈጥር ሕጊ ከተኣታትው ይኽእል።
- ገፊሕ መሰረት ዘለዎ ናይ ግብሪ ስርዓት ግብሪ ክፍጠር ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክሰርሕ እዩ።

### 4.2.7. ዋንነት መሬትን ካልኦት ሃፍቲ ተፈጥሮን

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ንመንነትን ባህልን ተጋሩ ዝዕቅብ፣ ንልምዓት ህንፀት ዘበናዊ ከተማታትን ዝጥዕም ምሕደራ መሬት ምፍጣር እንትብገስ መሬት ኣብ ቁጠባዊን ማሕበራውን ናብራ ዘለዎ ዓብይ ግደን ኣብ ፍትሃዊ ክፍፍል ሃብቲ ዝጻወቶ መሰረታዊ ተራን ኣብ ግምት ብምእታው እዩ። ብምኻኑ ድማ ነዚ ዝምትግባር እዞም ዝስዕቡ ናይ መሬት ፖሊሲ ተግባራት ከተግብር እዩ።

- መሬት ናይ ውልቀ፣ ህዝብን መንግስትን እዩ። ኣብ ገጠር ዘሎ ታሓራሳይ መሬትን መንበሪ ርስቲ ዋንነት ናይ መንግስቲ ይግበር
- ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ዝትግበር ዘሎ ስርዓት ሊዝ ክተርፍ ብምግባር ነበርቲ ከተማ ናይ መሬቶም ሰብ ዋና ዝገብርን ናይ ከተማ መሬት ውልቀ ዋንነት ዘረጋግጽ ፖሊሲ ምሕደራ መሬት ከተማ ይኽተል
- ምሕደራን መሸጣን ናይ ከተማ መሬት ኣብ ሞንን ገዛኢን ዓዳጊን ዝቆጻጸርን ግብሪ ካብ መሸጣ ናይ ከተማ መሬት ዝእክብን ትካል ክጣየሽ ክግበር እዩ።
- ኣብ ገጠር ዘሎ ታሓራሳይ መሬትን መንበሪ ርስቲ ናብ ኸተማ እንትኣተው ምስ ትልሚ (ፕላን) ከተማ ብዘይፃባእ መልክዑ ዋንነቱ ናይ ውልቂ ኾይኑ ይፀድቕ።
- ናይ ሕርሻ መሬት ንልምዓት እንትድለ ተልዓልቲ ሓረስቶት ግቡእ ካሕሳን ስልጠናን ደገፍን ተዋሂብዎም ይለዓሉ። ኣካል እቲ ልምዓት ኾይኖም ከቕፅሉ ድማ ክስራሕ እዩ።
- ሕድሕድ ትግራዋይ መንበሪ ገዛ ዝረኽበሉ ኩነታት ንምፍጣር ክስራሕ እዩ።
- ፓርኪታትን ደናት ትግራይ ብመንግስቲ ትግራይ ከመሓደሩ ክግበር እዩ።
- ማስተር ፕላን መሬት ትግራይ ብምስራሕ ዘላቕነት ዘለዎ ኣጠቓቕማ መሬት ምፍጣር።
- ዋንነት መሬት ብፅፉፍ መንገዲን ዘበናዊ ቴክኖልጂ ብዝጥቀምን መስርሕ ክምዝገብን ክምሕደርን ክግበር እዩ።

## 4.3. ዝርዝር ናይ ግልጋሎት ክፍለ- ኢኮኖሚ (Service Sector) ናይ ፖሊሲ ተግባራት

### 4.3.1. ዘፈር ቱሪዝም

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኣብ ትግራይ ዘለው ታሪኻዊ፣ ባህላዊ ቁሳውን መንፈሳውን ፀጋታት ዝዕቅብ፣ ዘልምዕን ዘፋልጥን ኢሉ እውን ናብ ዝማዕበለ ኢኮኖሚያዊ ዕብየት ዘሸጋግርን ብዘመናዊ ቴክኖሎጂ ዝምራሕ ጥንኩር ዓውደ ቱሪዙም ምህናፅ መሪሕ ዕላማ ምድንፋዕ ሰክተር ዘፈር ግልጋሎት እዩ።

- ኣብ ቱሪዝም ዝሳተፉ ሰብ ሃፍቲ ኣድላዪ ዝበሃል ድጋፍ መበረታትዕን ክይወሃቦም ክስራሕ እዩ።
- ናይ ትግራይ ታሪኽ፣ ክብሪ ፣ባህልን ፀጋታትን ንልምዓት ቱሪዝም ብዝጥዕም መንገዲ ክውደቡን ክስፋሕፈሑን ብምግባር ንዕብየት ኢኮኖሚ ዝህልው ኣበርክቶ ክዓቢ ንምግባር ክስራሕ እዩ።
- ናይ ትግራይ ታሪኽ፣ ክብሪ ፣ ባህልን ፀጋታትን ምዕቃብን ምሕላውን መንግስቲ ንዓውዲ ቱሪዝም ትኹረት ብምሃብን ንቑሕ ተሳታፊ ብምዃንን ትግራይ ካብቲ ዓውዲ ተረባሒት ንክትኸውን ንምግባር ክስራሕ እዩ።
- ዓውዲ ቱሪዝም ብፅንዓትን ምርምርን ተሰንዩ ናይ ትግራይ ሃፍትታት ክፋለጡ፣ ክለምዑን ናብ ዘለቒ ኢኮኖሚያዊ ረብሓ ክልወጡን ንምግባር ክስራሕ እዩ።

### 4.3.2. ቅድመ ምክልኻልን ምድሓንን መሰረት ዝገበረ ፖሊሲ ስርዓት ጥዕና

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ነቲ ሕዚ ዘሎ ኣብ ምክልኻል መሰረት ዝገበረ ፖሊሲ ጥዕና ብምቕያር ኣብ ምክልኻልን ምድሓንን (ምሕካምን) ጠመተ ዝገበረን ኣብ ጽፈት ኣወሃህባ ግልጋሎት ትኹረት ዝገብርን ስርዓተ ጥዕና ብምዝርጋሕ ጥዕናኡ

ዝተሓለወ፣ መፍረያይ ልዑል ናይ ምንባር ፀፍሒ ዘለዎ፣ ማሕበረሰብ ምፍጣር ዓብይ ዕላማ ንኡስ ዘፈር ጥዕና ጌሩ ይለዓል። ምስ ዙይ ተተሓሒዙ ድማ፣

5. [ፕሮግራም ሳልሳይ ወያነ ትግራይ]
   - ጥዕናኡ ዝተሓለወ ማሕበረሰብ ምህናፅ ኣካል ህንፀትን ምዕባልን ትግራዋይነት እዩ። ኣቕርቦት ትካላት ጥዕና፣
   - በዓል ሞያታትን መድሓኒትን ኣብ ሙሉእ ትግራይ ከስፋሕፋሕን ዓለምለኻዊ ደረጃ ክህልዎን ክግበር እዩ።
   - ካብ ምክልኻል መሰረት ዝገበረ ፖሊሲ ጎኒጎኒ ሕማማት ብሳይነሳዊ ምርምርን ምህዞን ክድሕኑ ዝኽእሉ ኩነታት ክፍጠር ምስራሕ። ናይ ምድሓን ፖለሲ እውን ክሕንጸጽ እዩ።
   - ትግራይ ንባዕላ ኮይና ማእኸል ዞባዊ፣ ኣህጉራውን ዓለምለኻውን በፃሕቲ ሕክምናዊ ቱሪዝም ንክትኸውን ክስራሕ እዩ።
   - ዘቤታዊ ሕክምናታትን መድሓኒታትን ዘመናዊ መልክዕ ዝሕዝሉ ምርምራዊ ማእኸላት ክህነፃ እየን።
   - ፅሬቱ ዝሓለወ ግልጋሎት ሕክምና ህዝቢ ትግራይ ብዘይ ኣፈላላይ ዝቕርብሉ ኩነታት ክህሉ ክስራሕ እዩ።
   - ንዓቕሚ ዘይብሎም ዜጋታትን ኣረጋውያንን መንግስቲ ነፃ ሕክምና ክቕርብ ዝኽእሉ መስርሕ ክዝርጋሕ እዩ።
   - ፅሩይ ሃፍቲ ማይን ጥዕንኡ ዝሓለወ ቀረብ መስተ ማይን ንምርግጋፅ ክስራሕ እዩ።
   - ዝተመጣጠነ፣ ጥዕንኡ ዝተሓለየ ስርዓት ምግብናን ከባቢያዊ ንፅህና ንምትእትታይ፣ ንምርግጋፅን፣ ንምድንፋዕን ክስራሕ እዩ።
   - ነዚኦም ኩሎም ንምግባር ዘኽእል ሓዱሽ ብመንግስቲ ትግራይ ደረጃ ናይ ጥዕና ፖለሲ ክዳሎ እዩ። ንትግባረኦም ድማ ሕጊታት፣ ኣሰራርሓታትን ኣዋጃትን ክወፁ እዮም፣ ዘየስርሑ እንተሃልዮም ድማ ንክስዓሩ ክግበር እዩ።

### 4.3.2. ጽሬት ትምህርቲ ምርግጋጽን ምህናጽ ብቑዕ መፍረያይ ሓይሊ ሰብን

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ኣብ መንነት፣ ረብሓን ሃፍትን ትግራይ ዝተመስረተ፣ ፍትሓዊ ተበፃሕነት ፅሬትን ዘለዎ፣ ዓለማዊ ኩነታት ዘንበብ፣ ዘቤታዊ ፍልጠት ዝርዳእን ዘደንፍዕን፣ ምህዞን ልህቀትን ዘተባብዕ ስርዓተ ትምህርቲ ብምቕራፅ ኣብ ፍልጠት ዝተደረኸ ኢኮኖሚን ማሕበረሰብን ምፍጣር ኣብ ንኡስ ዘፈር ትምህርቲ ዘሰጉሞ ዓብይ ዕላምኡ እዩ። ነዚ ንምትግባር እዞም ኣብ ታሕቲ ዝተገለጹ ስራሕቲ ክተግብር እዩ።

- ኣብ ትግራይ ተበፃሕን ፅሬት ዘለዎን ትምህርቲ ክህሉ ድማ ክቃለስ እዩ። ስርዓት ትምህርቲ ትግራይ ኮነ ፌዴራል መንግስቲ ለውጢታት ክገበረሉ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ክቃለስ እዩ። ኣብ ትግራይ ነዚ ዝሸከም ሓይሊ ሰብ፣ ንዋታውን ናይ ኣተሓሳስባን ዓቕሚ ንምህናፅ ይተግህ።
- ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ትምህርቲ መሰል ዜጋታት ስለ ዝኾነ ኣብ ማዕረ ዕድልን ቀረብን ትምህርቲ ክረጋገፅ ኣለዎ ኢሉ ይኣምን። በዚ ምኽንያት ትግራዋይ ተምሃራይ ኢኮኖሚያዊ ድሕረ ባይትኡ ብዘየገድስ ፅሬቱ ዝሓለወ ትምህርቲ፣ ሞያን ክእለትን ዝረኽብሉ ኩነታት ክፍጠር እዩ።
- ኣብ ምድንፋዕ ረብሓ ትግራይ ዝተመስረተ ስርዓተ ትምህርቲ ንክህልው ክስራሕ እዩ። ኣብ ቤት ትምህርትታት ትግራይ ኩለመዳይ ግልጋሎት ዘቕርባ ብዘበናዊ ቴክኖሎጅን መሳርሒ ትምህርቲ ዝትሓገዘ ማእኸላት ክጣየሻ ኢየን። እኹል ኣቕርቦት መፅሓፍቲ፣ ቤተ ፈተነታትን ኮሚፒተራትን ንክህሉ ክግበር እዩ።
- ግእዝ ካብ ቐዳማይ ክፍሊ ጀሚሩ ከም ሓደ ዓይነት ትምህርቲ ኣብ ትግራይ ክዋሃብ እዩ። ኣብ ግእዝን ካልኦት ስልጣነታትን ፀጋታት/ክብርታ ትግራይን ሰፋሕቲ ምርምራት ክካየድሎም ዘኽእሉ ትካላት ክጣየሹ እዮም።

- ብሳይንስን ቴክኖሎጂን ዝተሓገዘን ኣብ ፅንዓትን ምርምርን ዝተመስረተ ትምህርታዊ ሰርዓት ብምህናፅ ምህዞን ልህቀትን ክህሉ ክስራሕ እዩ። ተመራመርትን መሃዝትን ዘፍርያ ፍሉያት ቤት ትምህርታት ዝህነፃ እንትኸውን ነዚኦም ዝቕበላ ኮለጃትን ዩኒቨርስታትን ድማ ክጣየሻ እየን።
- ንኣካል ጉዱኣትን ምርኣይ ዝተስኣኖምን ትኹረት ዝገበሩ ፍሉይ ቤት ትምህርትታትን ሞያ መሰልጠኒ ማእኸላትን ብእኹል በዝሒ ብምህናጽ ሰሪሖም ኣታዊ ዝረኽብሉን ሂወቶም ዝድግፍሉን መስርሕ ክዝርጋሕ እዩ።
- ትግራይ ማእኸል ፅሬት ትምህርቲ ብምግባር ፀብለልታ ዘርእዩ ተምሃሮ ዝፈርዩላን ኣህጉራውን ዓለምለኻውን ተምሃሮ ዝብህግዋን ክትኸውን ክስራሕ እዩ።
- ግዚኡን ጉልበቱን ኣብ ልምዓትን ምህዞን ዝውፍር መንእሰይ ንምፍራይን ካብ ጎዳእቲ ልምድታትን ሱሳትን ኣብ ህንጻትን ምዕባለን ዘተኩር ወለዶ ናይ ምህናጽ ስራሕቲ ዘበረታትዑ ቀረብ ቤተ መጻሕፍቲ፣ መዘናግዒ ትካላትን ናይ ልምዲ መለዋወጢ ትምህርታዊ ናይ ሚድያ ፈነወታትን ብእኹል በዝሒ ክህልዉ ክስራሕ እዩ።

### 4.3.3. ምፍታሕ ስራሕ ኣልቦነትን ማሕበረ ቁጠባዊ ተጠቃማይነትን መናእሰይ ምርግጋጽ

ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ስራሕ ኣልቦነት ምውጋድ ኣካል ህንጸት ምዕቡል ቁጠባ ጥራይ ዘይኮነስ ኣካል ምፍጣር ዝተረጋግዐን ሕጉስን ሕብረተሰብ ምኻኑ ይኣምን። ብምኻኑ ድማ

- ተመጋጋባይ ቁጠባ ብምህናጽ በቢ ኸባቢኡ ዘለዎ መናእሰይ ኣብ ከባቢኦም ሰሪሖም ዝልወጥሉ ዕድላት ክህሉ ይሰርሕ
- ናይ መንግስቲ ትካላት ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ውልቀ ዩኖናት፣ ሽርክና ማሕበራት፣ ናይ ፋይናንስ ትካላትን ዝተኣሳሰርን ንስራሕ ፈጠራ ዝሕግዝን ናይ ጽንዓትን ምርምርን ናይ ፖሊሲን ትካል ክጣየሽ ክገብር እዩ።
- ናይ ሰራሕተኛን ወነንቲ ትካላትን (ሰብ ሃፍተን) መሰላት ከይገሃሱ ዝነጥፉ ማሕበራት ክጣየሻ ክገብር እዩ።
- ኣብ ናይ ሰብ ሃፍቲ ትካላት ይኹን መንግስታዊ ትካላት ልምዓት መሃያ ሰራሕተኛታት ኢድ ኣእታውነት መንግስቲ ከይሃለዎ ብዘተ ማሕበራት ሰራሕተኛን መስርሕን ክውሰን ክግበር እዩ።
- ሰራሕተኛታትን ብወከልቶም ኣቢሎም ኣብ ቦርድ ትካላት ውክልና ክህልዎም ክግበር እዩ።
- መንግስቲ ነዞም ልዕል ኢሎም ዝተጠቐሱ ፖሊስታት ዝጥዕም ሕጋውን ትካላውን ሃዋህው ብምፍጣር ዝተወደበን ስልጡን ናይ ስራሕ ዕዳጋ ክህሉ ክሰርሕ እዩ።

### 4.3.4. ምርግጋጽ ማዕርነትን ተጠቃማይነትን ማሕበረ ቁጠባዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ

ካብቶም መሰረታዊ እምነታት ሳልሳይ ወያነ ትግራይ ሓደ ምርጋግፅ ፆታዊ ማዕርነት ንኹሉ ዝብል ጽኑዕ ቅዋሙ እዩ። ስድራ ዝመሰረታ ትግራይ ናፅነት፣ ማዕርነታዊ ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ምስ ተኽብር ምዕብልቲ ትኸውን። ድሑር ልምድታትን ኣተሓሳስባታትን ብምእላይ ተሳትፎን ተጠቃምነትን ደቂ ኣንስትዮ ብምዕባይ መፃኢ ትግራይ ኣብ ድልዱልን ምዕሩይ ማሕበራዊ ሰረት ምህናፅ ግድን ይኸውን።ደቂ ኣንስተዮ ንብረት ናይ ምውናን፣ ምፍራይን መሰለን ክሕለውን ክረጋገፅን ምግባር። ምስዙይ ተተሓሒዙ ድማ ሳልሳይ ወያነ ትግራይ እዞን ዝስዕቡ ከተግብር እዩ።

- ✓ ማዕረ ዕድል ደቂ ኣንስትዮ ምርግጋፅ፤ ተሳተፎ ደቂ ኣንስትዮ ዝዓብየሉ ናይ ስራሕ ዕዳጋ ክህሉ ንምግባር ክሰርሕ እዩ።
- ✓ እኹል ናይ ጥንስን ወሊድን ዕርፍቲ ክህልወን ክግበር እዩ።
- ✓ ደቂ ኣንስትዮ ልዑል ናይ ስራሕ ተሳትፎን ንክህልወን ተጠቃምነተን ንክድንፍዕን መንግስቲ መዋእለ ህፃናት ብናፃ ከቕርብ ክስራሕ እዩ።
- ✓ ፖለቲካዊ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ብምድንፋዕን ዓቕመን ክብ ብምባልን ወሰንቲ ዝኾና መራሕቲ ንክህልዋ ክስራሕ እዩ።
- ✓ ዖታዊ ጥቕዓት ዝፅየፍ ሕብረተሰብ ብምህናፅ ማዕርነት ደቂ ኣንስትዮ ዝተረጋገፀላ ትግራይ ንምግሃድ ክስራሕ እዩ።

**ሓዱሽ ውዕሊ፣ ሓዱሽ ምዕራፍ**

**ረብሓ ትግራይ ሸኻሉ ኣብ ትግራይ ብዝገበረ ኩለመዳያዊ ቃልሲ ይረጋገፅ!!**